# መመሓየሺ መደባት ቤት ፍርድታት መለዋወጢ ሓበሬታ መሰልጠኒ ማንዋል

## ብማሕበር ትካላት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ዝተሓትመ

ነሓሰ 2013.ዓ.ም

<u>ኣዲስ ኣበባ፡ ኢትዮጵያ</u>

Feteh (Justice) Activity
IN ETHIOPIA

እዚ ሕትመት ብዩ ኤስ ኣሜሪካ ዓለም ለኸ ናይ ልምዓት ኤጀንሲን (ዩ ኤስ ኤ ኣይ ዲ) ብድጋፍ ህዝቢ ኣሜሪካ ክዉን ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ ሰነድ ንዝተገልጸ ትሕዝቶ ወይ ኣመለኻኽታ ብዝኾነ መንገዲ ናይ ዩ ኤስ ኣሜሪካ ዓለም ለኸ ናይ ልምዓት ኤጀንሲ ኣመለኻኽታ ኣየንጸባርቕን እዩ።

# መቕድም

ማሕበር ሰብኣዊ መሰላት ትካላት ኢትዮጵያ መጋቢት 16, 2018 ዝተመዝገበ መበል 17 ሃገራዊ ጥምረት ማሕበር ሰብኣዊ መሰላት ትካላት ክኸውን ከሎ፡ ብቑጽሪ መዝገብ 3932፡ ቁጽሪ ኣዋጅ 1113/2011 መሰረት ምዝገብኡ ኣሐዲሱ ዝንቀሳቐስ ሃገራዊ ሲቪላዊ ትካል ኢዩ። ኢሰመድህ ኣብዛ ሃገር ብዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ከምኡ ውን ኣብ ምዅስኳስ ሰላም ብምስታፍ ማሕበር ነቶም ኣብ ሰብኣዊ መሰል ንዝሰርሑ ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ትካላት ኢዩ። ኢሰመድህ ካብ ዝምስረት ጀሚሩ እዘን  ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላት ብሓባር ድምጸን ከስምዓን ብመርትዖ ዝተሰነየ መጎተ ከካይዳን ሓባራዊ ዝኾነ መድረኽ ብምፍጣር ኣብ ኢትዮጵያ ምሕላው ሰብኣዊ መሰል ንኽዓብይ ዝሰርሕ ዘሎ። ኢሰመድህ ኣብ ሰባኣዊ መሰላት ንዝሰርሓ ትካላት ክሰርሓሉ ዘኽእለን ምቹእ ዝኾነ ባይታ ንምፍጣርን ውጽኢታዊ ዝኾነ ናይ ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራስያዊ ምሕደራ ስራሓትን ንክረጋገጽ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምዃን ናይ ነባራትን ሓደስትን ትካላት ሰብኣዊ መሰላት ኣቕሚ ኣብ ምድንፋዕ ዝሰርሕ ትካል ኢዩ። በዚ ኣካይዳ ኢሰመድህ ማንዋላትን መምርሒታትን ብምድላውን ስልጠናታት ብምሃብ ኣብ ምድንፋዕ ዓቕሚ ማሕበራት ሰብኣዊ መሰላት፣ ሚድያታትን ጋዜጠኛታትን ይቃለስ።

እቲ ማሕበር ትካላት ሲቪል ማሕበራት ኣብ ፍትሒ ዘለወን ርድኢት ብምዕባይ ብፍላይ ብዛዕባ ፍጥሃዊ ዝኾነ መስርሕ ፍርዲ ከምኡ ውን ናይ ስን-ምግባር ሕግታትን መሰልታን ዘለውን ኣፍልጦ ብምዕባይ ናይ ቤት ፍርድ ጉዳያት ብብቕዓት ብፍልጠትን ክከታተክላ፡ ክሕብራን ረፖርት ክገብራን ብምኽኣል ኣብ ናይ ፍትሒ ስርዓት ዘለወን ተራ ንኽዓብይ ይሕግዝ። ካብዚ ብምቕጻል ናይ ሲቪል ማሕበራት ብዛዕባ ናይ ቤት ፍርዲ ጸጥታ ፕሮቶኮላት ከምዝፈልጣ ብምግባር ምስ ደያኑ፡ተበቓታትን ጥርጡራትን ምስ ናይ ጸጥታን ኣብ እዋን ሽግር ተሳተፍቲ ንዝኾኑ ኣካላትን ብሓባር ጵቡቕ ዝኾነ ዝምድና ንኽህልዎም የኽእል።

ኢስመድህ ናይ Feteh (Justice) Activity) – USAID እዚ መምርሒ ብ4 (ኣርባዕተ) ክትርጎምን ንሕትመት ክበቅዕን ንዝገበሩ ናይ ገንዘብ ምስጋና የበርክት።

***መስዑድ ገበየሁ፡ ኣካያዲ ስራሕ***

***ማሕበር ሰብኣዊ መሰል ትካላት ኢትዮጵያ (ኢሰምድህ)***

# ንሕትመት ብዝምልከት

**እዚ ሕትመት ብሓገዝ ማሕበር ሰብኣዊ መሰል ትካላትን (ኢሰምድህ)ብዩ ኤስ ኣሜሪካ ዓለም ለኸ ናይ ልምዓት ኤጀንስን(ዩ ኤስ ኤ ኣይ ዲ) ዝተዳለወ ኢዩ።**

**ኣዳላዊ ሰነድ፡ ኣቶ መስፍን ጫኔ ይመር**

**ሕትመት ሰነድ፥ ነሕሰ 2013 በቶጻጽራ ኢትዮጵያ**

**ናይዚ ሕትመት ቅዳሕ ሙሉእ መሰል ናይ ማሕበር ሰብኣዊ መሰል ትካላትን (ኢሰምድህ) ክኸውን ከሎ ብዘይ ናይዚ ትካል ፍቓድ ነዚ ሰነድ ምብዛሕ ከምኡ ውን ምክፍፋል ክልኩል ኢዩ።**

# መእተዊ

ኢትዮጵያ ከም ብዙሓት ናይ ዓለምና ሃገራት መምሓየሺ መደባት ቤት ፍርድታት ብምሕንጻጽ በብግዚኡ ምስ ሕጽረታቶም እኳ እንተኾነ ተግባራዊ ክትገብር ዝጸንሐት ሃገር እያ። ከም ዝፍለጥ ስራሕ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብሓደ ረፍዲ ዝፍጸም ዘይኮነ ብባህሪኡ መስርሕ ዘልዎ ዝርርብ፣ ናይ መሻርኽቲ ኣካላት ተሳትፎ፣ ሕብረተሰብ በብደረጅኡ ዝገብሮ ኣስተዋስጽኦ ድምር ውጽኢት ዘምጽኦ ለውጢ እዩ። ተግባራት መመሓየሺ ቤት ፍርድታት ክምጽኡ ዘገድዱ ምኽንያታት ብጣዕሚ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ኣብ ውሽጦም ብጣዕሚ ወሰንቲ ዝኾኑ ምጉዳል ምብጻሕ ፍትሒ፣ ብቕዓትን ጽፈትን ዘልዎ ፍትሒ ዘይምብጻሕ፣ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ህዝብን ናይ ውልቀ ሰባትን ብእኹል ኩነታት ዘይምኽባር፣ ናጽነት ናይ ዳንነት ግቡእ ቦታ ዘይምርካብ፣ ደያኑ ስርሖም ዝፍጽምሉ ኩነታት ጉድለት ስነ ምግባር ካብቶም ዝጥቀሱ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዓመታት ኣገዳስነት መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ተኣሚንሉ ዝተፈላለዩ ስርሓት ክሰርሑ ጸኒሖም። እዞም ናይ ምምሕያሽ ስርሓት ብዝምልከት ካብ ታሪኻዊ ድሕረ ባይትኡ ብምብጋስ ኣበየናይ ዘመን እንታይ እንታይ ስርሓት ከምዝተሰርሁ ኣብዚ ናይ ስልጠና ማንዋል ክግለጽ ተፈቲኑ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ካብ 2003 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ዘለናዮ 2013 ዓ.ም እንታይ ከምዝመስል ተገሊጹ ኣሎ። ዝነበሩ ሕጽረታትን ሓያል ጎድንታትን ተዳህሲሶም ኣለዉ።

ቤት ፍርድታትን ደያኑን ናይ ህዝብን መንግስትን እምነት ከትርፉ ዝኽእልሉ ስራሓቶም ብናጽነት፣ ብገለልተኛነትን ከምኡ ውን ብናይ ተሓታትነት መንፈስ ክሰርሑ ኣብ ልዕሊ ምኺኑ ደያኑ ፍርዲ ኣብ ዝመርሕሉን ፍርዲ ኣብ ዝህቡሉ ግዜ  ከምኡ ውን ሓደ ዳኛ ካብ ሕብረተሰብ ዝጽበዮም ናይ ስነ ምግባር መደባት ብምጽባይ ብኣግባብ ተግቢሮም ክርከቡ ከለዉ እዩ። ምስዘም መደባት ብምንጽጻር ስርሓት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ክትግበሩ ከለዉ ብፍላይ ምስ ቤት ፍርድታት ዝተሓሓዙ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ምኽባር መስርሓት ዘልውውዎ ኩነታት እንታይ ከም ዝመስል ኣብዚ ናይ ስልጠና ማንዋል ንምጽንባር ተፈቲኑ ኣሎ።

መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብዝግባእ እንተተፈጸሙ እኳ ሕብረተሰብ በዚ ኮነ በቲ ክፈልጦም እንተዘይተገይሩ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘለዎ እምነት ከመሓይሽ ኣይክእልን። ቤት ፍርድታት ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ  ክገብራ ትጽበየን እኳ እንተኾነ   ነዚ ብዝምልከት ካብ ኣድላይነቱ ጀሚርካ ከመይን

በየናይ መንገዲ ምልውዋጥ ሓበሬታ ክገብራ ከምዘለወን ኣብዚ ማንዋል መብርሂ ክወሃብ ተፈቲኑ ኣሎ። ተግባር ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብዝምልከት ክንክተሎም ዝግብኡ ስትራተጅታት፣ መንገድታትን መላታትን እንታይ ከምዝመስሉ ንምግላጽ ተፈቲኑ ኣሎ።

ናይ ምምሕያሽ ስርሓት ህዝቢ ክፈልጦም ብምግባር ተራ ናይ ቤት ፍርድታትን፣ መራኸቢ ብዙሃንን፣ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብን እንታይ ክኸውን ከምዝለዎ ፈሊኻ ንምርእይን ንምብራህን ተፈቲኒ ኣሎ።

ጸብጻብ ውዕሎ ፍርዲ ብዝምልከት ስራሕ ቤት ፍርዲ ንህዝቢ ኣብ ምፍላጥ ዘለዎ ጥቕሚ፣ ተሳትፎ መራኸቢ ብዙሃን፣ ዝሓሸ ጸብጻብ ውዕሎ ፍርዲ ንምስራሕ ክንክተሎም ዝግብኡ ናይ ፍታሕ ሓሳባት ተዳህሲሶም ኣለዉ።

# መውጽኢ

**መእተዊ ...........................................................................................................4**
**ምዕራፍ ሓደደ፡.................................................................................................8**

ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ኣብ ኢትዮጵያ.....................................................................................8

1.1. ሓፈሻዊ ኣረኣእያ ....................................................................................................................8
1.2. ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ካብ 2003 – 2010....................................................12
1.3. ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ካብ 2010 ዓ.ም ክሳብ ሕጂ.....................................................15

**ምዕራፍ ክልተ፡ .............................................................................................19**
ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን ሰብኣዊ መሰላትን ...........................................................................19
2.1. መሰል ኣካል ስንኩላንን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን .........................................................19
2.2. ስርዓተ ጾታን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን...............................................................................21
2.3. ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ ...........................................................................................................25
2.4. ናጽነት ዳንነት .......................................................................................................................26
2.5. ኩነታት ስነ ምግባር ደያኑ ........................................................................................................29

**ምዕራፍ ሰለስተ............................................................................................34**
ጥቕምታት መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ምፍላጥ.......................34
3.1. ኣድላይነት ምልውዋጥ ሓበሬታ.............................................................................................35
3.2. ምምላስ እምነት ቤት ፍርዲ ..................................................................................................35
3.3. ምኽባር ጥቕሚ ቤት ፍርድታት...............................................................................................37

**ምዕራፍ ኣርባዕተ.........................................................................................40**
ምውዕዋዕ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን ተራ ናይ መሻርኽቲ ኣካላት ..........................40
4.1. ተራ ትካላት ሲቪክ ማሕበረሰብ.............................................................................................40
4.2. ኣስተዋጽኦ መራኽቢ ብዙሃን..................................................................................................42
4.3. ምልውዋጥ ሓበሬታን ተራ ቤት ፍርድታትን .........................................................................43

**ምዕራፍ ሓሙሽተ .......................................................................................46**
ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዘጋጥሙ ብድሆታት..........46
5.1. ኣካል ስራሕ ዝኾነ ድልዱል ህዝባዊ ርክባት ኣብ ቤት ፍርድታት ዘይምህላው........................46
5.2. ትሑት ኣፍልጦ ሕጊ ኣብ ናይ ሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት ...........................48

5.3. ኣብ ሞንጎ ቤት ፍርድታትን ደያኑን ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነት ይፈታትኑ ዝብል ኣተሓሳስባ ምህላዉ ........................................................................................49
5.4. ቤት ፍርድታትን፣መራኸቢ ብዙሃንን፣ ካሎኦት መሻርኽቲ ኣካላት ዝሳተፍዎ ናይ መራኸቢ መድረኽ ዘይምህላዉ ........................................................................................49
5.5. ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ንምስናድ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ድሌት ዘይምህላው...............50
5.6. ኣብ ትካላት መራኸቢ ብዙሃን ዝሰርሑ ጋዜጠኛታት ናይ ሕጊ ኣፍልጦ ዘይምህላው.............51

**ምዕራፍ ሽዱሽተ.........................................................................................53**
ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንምግባር ዝሕግዙ ስትራተጂታት፣ መንገድታትን ሜላታትን 53
6.1. ስትራተጂ ምልውዋጥ ሓበሬታ ........................................................................................54
6.2. ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ናይ ምርኻብ ሜላታትን መንገድታትን......55

**ምዕራፍ ትሽዓተ .........................................................................................56**
**7.1 ርጡብ ጸብጻብ ውዕሎ ፍርዲ ክህሉ እንታይ ይገበር? ............................................**

**መደምደምታን ናይ ፍታሕ ሓሳባትን ....................................................................**
**መወከሲ መጽሓፍቲ .........................................................................................**

# ምዕራፍ ሓደ
# ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ኣብ ኢትዮጵያ

## 1.1 ምልክታ

ኣብዚ ናይ ስልጠና ማንዋል ክፋል ሃገርና ኢትዮጰያ ኣብ ናይ መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብንጉሳዊ ስርዓት ካብ ክትመሓደረሉ ዝጸንሐት ናይ ዘመናዊ መንግስቲ ታሪኽ ጀሚርካ ክሳብ ዘለናዮ ግዜ ዝተራእዩ ቀንዲ ቀንዲ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ንምርኣይ ዝፍተን ከሎ ሰልጠንቲ ነዚ ምዕራፍ ከጠቓልሉ ከለዉ፥

- በብግዚኡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ኣመሰራርታ ቤት ፍርድታት ይግንዘቡ።
- ኣብ ዘመን መንግስቲ ንጉስ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝተገብሩ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት መብርሂ ይህቡ።
- ኣብ ዘመነ ደርጊ ኩነታት ቤት ፍርድታት እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ይትንትኑ።
- ኣብ ኢህኣደግ መጀመርታ ናይ ስልጣን ዘመን ኣብ ቤት ፍርድታት ዝተገብሩ ለውጥታት የብርሁ።
- ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም ዝተገብሩ ናይ ምምሕያሽ መደባትን ቤት ፍርድታት ተግባራዊ ተፈጻምነቶምን እንታይ ከምዝመስል ይፈልጡ።
- ካብ 2010 ዓ.ም ክሳብ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዝካየድ ዘሎ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ይግንዘቡ።

  ኢትዮጵያ ናይ ጥንቲ ታሪክ መንግስቲ ዘልዋ ሃገር ኮይና በብዘመኑ ዝነበሩ ንጉሳት ምምሕዳር መንግስቲ ክገብሩ ከምዝጸንሑ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ታሪኽ ሰነዳት ተጻሒፉ ይርከብ። በብግዚኡ ዝነበሩ ንጉሳዊ ኣገዛዝኣታት ናይ ዳንነት ስራሕ ከም ዝኾነ ናይ መንግስት ስራሕ ብምርኣይን ብምድራብን ሃይማኖታዊን ባህላውን መሰረት ብዘለዎ መልክዑ ክገብርዎ ጸኒሖም።[1] ንጉሳዊ ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሴ ክሳብ ዝወደቐሉ ናይ ኣገዛዝኣ ዘመን ንጉስ ሕጊ ናይ ምውጻእ፣ ሕጊ ናይ ምፍጻምን ሕጊ ብምትርጓም ንዝቐርቡሉ ጉዳያት ፍርዲ ብምሃብ ስልጣን ዘለዎ ኮይኑ ስልጣኑ ዘይድፈርን ፍጹምን እዩ።[2]

---

1 ኣሰፋ ፍሰሃ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ፈደራሊዝምን ፍልልይ ምክእኣልን፣ ናይ ንጽጽር መጽናዕቲ (ነዘርላንድስ፣ዎልፍ ናይ ሕጊ ኣሕተምቲ፡1997 ዓ.ም)ገጽ 390

2 ሄነሪ ስኮላር፡ ቅዋም ኢትዮጵያን ምዕባለ ሕግን፣ ኣብ ዕቤት ቅዋም ኢትዮጵያ ዝተሰርሐ መጽናዕቲ ቮልዩም I; 1997 ዓ.ም ገጽ 159

ኣብ ጥንታዊት ኢትዮጵያ ዝካየድ ስራሕ ቤት ፍርድታት ብንጉስን ብኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ሹመኛታት ክኸውን ከሎ ኣብ ስራሕ ዝውዕሉ ሕግታት ድማ ሃይማኖታውያንን ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ከኣ ባህላዊውያን ኣሰራርሓታት እዮም። ሕጊ ኣብ ምትርጓም ተራ ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት ልዑል ክኸውን ከሎ እዘን ናይ እምነት ትካላት ናይ ባዕለን ቤት ፍርዲ ከቑማ ክሳብ ዝኽእላ ኮይነን ኣለዋ። ናይ ክርስትና እምነት ንዝኽተሉ ናይዛ ሃገር ህዝብታት ብቐንዱ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ፍትሒ ንግስነት ክኸውን ከሎ ነዚ ሕጊ ተርጉሞም ናብ ናይ ፍርዲ ስራሕ ዘውዕሉ ሰባት ሱቕ ኢልካ ዝምረጹ ዘይኮነ ብሃይማኖታዊ ትምህርቶም ብፍላይ ኣብ ፍትሒንግስነት ዝተፈልየ ናይ ትምህርቲ ድልውነት ዘለዎም፣ በተሓሳስብኦም ካብ መብዛሕትኡ ክፋል ሕብረተሰብባብ ዝሓሸ ናይ ንቕሓት ደረጃ ዝበጽሑን ከምኡ ውን ብስነ ምግባሮም ዝተመስገኑ እዮም።

እዛ ሃገር በዚ ኩነት ናይ ፍርዲ ስራሕ እናእካየደት ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዘመናዊ ዓለም ናይ ፍርዲ ኣሰራርሓ ሒዛ ክትቅጽል ስለዘይከኣለት ብፍላይ በቶጻጽራ ኢትዮጵያ ብ1942 ናይዛ ሃገር ኣዋጅ ቁጽሪ 02/1942 ብምእዋጅ ናይ ቤት ፍርድታት ትካላዊ ኣመሰራርታ ኣመሓይሻ ኣላ።[33] በዚ መሰረት ቤት ፍርድታት ዘቤታዊ ዳኛ፣ ምክትል ወረዳ ቤት ፍርዲን ብሓፈሻዊ ግዝኣት ቤት ፍርዲ ገዛእ ርእሰን ብምጥርናፍን ካልኦት ክልላውን ኣከባብያውን ቤት ፍርድታት ክምስረታ ናይ ምግባር ስራሕ ክስራሕ ጸኒሑ። እዚ ዝተገብረ ምጥርናፍ ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሻት ከምዝተገብረ ጌርካ ክውሰድ ይከኣል።

ብኣቶጻጽራ ኢትዮጵያ ብ1995 ዓ.ም ተመሓይሹ ንዝወጸ ቅዋም ናይ ዳንነት ናጽነት ብዝምልከት ሃገራት ሕጊ ናይ ምጽዳቕ ግዴትአን ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ ደያኑ ፍርዲ ኣብ ዘካይድሉን ፍርዲ ኣብ ዝህቡሉን ግዜ ስርሖም ብዘይ ዝኾነ ጣልቃ ምእታው ብናጽነት ክፍጽሙ ከምዝግብኦም ተደንጊጉ ኣሎ።[44] እዚ ተጋብር ብፍላይ ናይ ዳንነት ናጽነት ብሕጊ ኣፍልጦ ናይ ምሃብ መሰርሕ ኣብ ምምሕያሽ ስራሕ ቤት ፍርድታት ኢትዮጵያ ዝተራእየ ጉሉሕ ምምሕያሽ ገርካ ክረእይ ዝኽእል ኮይኑ ተግባራዊ ኣፈጻጽምኡ ብዝምልከት ሕጽረታት ምህላዉ ዘየተሓታት እዩ።

---

3 ሮበርት ኣለን ሴድለር፣ ሕጊ ስነ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ሓታሚ፡ 1968 ገጽ 8

4 ዓንቀጽ 120 ከምኡ ውን 121 ይርኣዩ።

ኢትዮጵያ ናይ ፍርዲ ስራሕ ከተካይድ ድሕሪ ምጽናሕ ብፍላይ ኣብ መወዳእታ 1950ታትን መጀመርያ 1960ታት ሱር በተኽ ከብል ብዝኽእል መልክዑ ምምሕያሻት በኢት ፍርድታት ተገይሩ። ካብዚኦም ብቐንዲ ዝረኣዩ ናይ ቤት ፍርድታት ኣመሰራርታ ዝቐይሩን ዘመሓይሹን ናይ ፍትሒ ሕጊ ስነ ስርዓትን ናይ ወንጀለኛ ሕጊ መቕጽዒ ስነ ስርዓትን ወጽዩ ተግባራዊ ክኸውን ተገይሩ ኣሎ። በዚ ድማ ኣቐዲሙ ዝነበረ ናይ ቤት ፍርድታት ኣመሰራርታ ክልወጥ ኣኽኢሉ ኣሎ።

ካብ ናይ ቤት ፍርድታት ኣመሰራርታ ብተወሰኺ ብዓይነት ኮድ ተዳልዩ ብሓጋጊ ኣካል ዝተኣወጁ ሽዱሽተ ናይ ሕጊ ኮዳት[5] ቤት ፍርድታት ስራሕ ፍርዲ ብዝግባእ ንምፍጻም ዘኽእልን ክከታተልዎም ዝግባእ ናይ ስነ ስርዓትን ናይ መሰረታዊ መሰላት ድንጋገታት ብምቕማጥ ተኸራኸርቲ ወገናት ቅልጡፍ ፍትሒ ክረኽቡ ዘኽእሉ፣ ብቤት ፍርድታት ዝተዋህቡ ፍርድን ውሳነታትን ብኣግባቡ ክፍጸሙ ዘኽእሉ፣ ተኸሰስቲ ክኽበረሎም ዝግብኡ መሰላት እየኖት ከምዝኾኑን በየናይ ቁመና ክትግበሩ ከምዘለዎም ዘመላኽቱ ሕግታት ኣብ ናይ ምውጻእ መሰረት ቤት ፍርድታት በቲ ኣገባብ ክሰርሑ በገስ ምርኣዩ ብርግጽ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ምምሕያሽ ስራሕ ቤት ፍርድታት ዓቢይ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ክረኣይ ይከኣል።

ናይ ፍርዲ ስራሕ ንምስራሕ ብናይ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ተማሂርካ ምሕላፍን ናይ ሕጊ ትምህርቲ ምጨባጥን ኣድላዪ ብምዃኑ ኣብቲ ወቕቲ ዝነበረ ንጉሳዊ ስርዓት ተኣሚኑሉ ኣብ ናይ ቀደም ዩኒቨርሲቲ ሃይለስላሴ ናይ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ካብ ምኽፉቱ ንላዕሊ ነቲ ሞያ ዝተመርጹ ሰባት ናብ ወጻኢ ሃገር ተላኢኾም ናይ ሕጊ ትምህርቲ ከምዝከታተሉ ተገይሩ እዩ። እዚ ውን ናይ ደያኑ ቁጽርን ናይ ሞያ ብቕዓት ካብ ምሕያል ኣንጻር ዝለዓለ ተግባር ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ተገይሩ ክሕሰብ ይከኣል። በዚ ድማ እዛ ሃገር በብግዚኡ ኣብ ቤት ፍርዲ ናይ ፍርዲ ስራሕ ዝሰርሑ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ዝተማህሩ ኢትዮጵያውያን ዝኾኑ ደያኑ ምፍራይ ናይ ዳንነት ስራሕ ምስራሕ ጀሚራ ኣላ። ብርግጽ ኣብዛ ሃገር ዝነበሩ ቤት ፍርድታትን ፍርድን ከምኡ ውን ብሓፈሻ ምስ ሕብረተሰብ ክርአ ከሎ ናይ ሕጊ ምሩቓት ኣብ ከምዚ በጺሑ ዝበሃል እኳ እንተዘይኮነ በብግዚኡ እናሰፍሐን እናዓበየን ክኸይድ ጸኒሑ ኣሎ።

ካብ ምምሕያሽ ሞያ ደያኑን ካብ ምትዕርራይ ሕግታትን ብተወሰኺ ኣብ ዘመነ ንጉሳዊ ምምሕዳር ቤት ፍርድታት ናይ ባዕለን ዝኾነ፣ ዝተፈልጠን ነቲ ናይቲ ግዜ ህዝቢ ይበቅዕ ተባሂሉ ዝተኣምነለን ህንጻታት ቤት ፍርድታት ኣብ መዲና ኣዲስ ኣባባን ኣብ ገለ ገለ ከተማታትን ተሃኒጹ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ኣቃውማ ዝነበረ

---

[5] ሕጊ ፍትሒ፣ ሕጊ ስነ ስርዓት ፍትሒ፣ ሕጊ መቕጽዒ ወንጀለኛ፣ ስነ ስርዓት ሕጊ መቕጽዒ ወንጀለኛ፣ ሕጊ ንግዲ፣ ሕጊ ማሪታይም።

ምምሕያሻት ቀሊል ዘይበሃል ኮይኑ ክሳብ አዚ ሰዓት ድማ ኣገልግሎት ዝህባ ቤት ፍርድታት ዝተሃንጻሉ ብምኳኑ ዝለዓለ ምምሕያሻት ተራእይሉ።

ኣብ ዘመነ መንግስቲ ሃይለስላሴ ሕጊ ካብ ምዕራይን ምውጻእን ጀሚርካ ናይ ደያኑ ዓቕሚ ክሳብ ምዕባይን ህንጻታት ክሳብ ምህናጽ ዝበጽሐ ናይ ምምሕያሻት ተግባራት ዘበራትዕ እኳ እንተኾነ ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነት፣ ናይ ደያኑ ተሓታትነት፣ ናይ ፍትሒ ምብጻሕ፣ ብሓፈሻ ህብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዝነበሮ እምነት ክምዘን ከሎ ናይ ባዕለን ሕጽረታት ከምዘለወን ምፍላጥ የድሊ።

## ሕቶ

ኣብ ዘመነ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ብዙሓት ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ዝተገብሩ አኳ አንተኾኑ ናይ ቤት ፍርድታት ቀንዲ መደብ ዝኾነ ናይ ዳንነት ናጽነት ወላ ብሕጊ ኣይተኸብረን። ከመይ? ኣረድእ?። (6 ደቒቕ)

ኣብ ዘመነ ኣገዛዝኣ ደርጊ ኣመሰራርታ ቤት ፍርድታት ዘይፈረሰን ብተግባራዊ ስራሕ ክስራሕ ዝጸንሐ እኳ አንተኾነ ኣብቲ ወቕቲ ዝተመስረት መንግስቲ ይ ሶሳሊስት ኣተሓሳስባ ዘንጸባርቕ ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ አጻ ሃገር እትመራመሮ በዚ ኣረኣእያዊ ኣተሓሳስባ ምኳኑ ብወግዒ ኣዊጁ እዩ። ምስ ምምሕያሽ ናጽነት ቤት ፍርድታት ክረኣይ ከሎ ኣብዛ ሃገር ተመሳሳሊ ዝኾነ ናይ ሶሻሊስት ኣረኣእያ ናይ ዓለም ዝኽተሉ በዳህቲ ዝኾኑ ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ብምፍጣሮም፣ ናይቲ ወቕቲ መንግስቲ ድማ ወተሃደራዊ መንግስቲ ብምንባሩን ተደራራቢ ምኽንያታት ዝተላዕለ ዝበዝሑ ናይ ወንጀል ጉዳያት ዝዳነይሉን ምውቕጻዕቲ ዝመሓላለፈሉ ካብ ቤት ፍርዲ ብኣብ ወጻኢ ዘለዉ ወተሃደራውን ምሕደራውን ኣመሰራርታ እዩ። እዚ ኩነት ውን ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነት ዝጻረር ምኳኑ ኣየተሓትትንዩ።

መንግስቲ ኢህአዴግ ናይ ስርዓት ለውጢ ዘምጽአ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ እዛ ሃገር ምስ ንዝተኸተለቶ ፈደራላዊ ስርዓት ብዝሳነይ ኩነት ቅዋም ምጽዳቑ ዝፍለጥ እዩ። ናይ ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ቅዋም ውን ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ካልኦት ንቤት ፍርድታት ዝምልከቱ ድንጋገታት ዝሓዘ ብምኳኑ ቤት ፍርድታት ኣብ ተግባር ዘውዕልኦ ናይ ሕብረተሰብ እምነት ንምርካብ ክኽእላ ዝግበሩ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰላት ኣስፈሩ ይርከብ።[6]6

---

6 ቅዋም ኢ.ፈ.ዲ.ሪ. ኣብ ትሕቲ ምዕራፍ 3 ዝተመልከትዎ ናይ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ምርኣይ ይከኣል።

ዓውዲ ፍትሒ ንዘመናት ጎቲቶም ዝሓዙ ሽግራት ንምፍታሕ ከኽእል ኣብ 1998 ዓ.ም መደባት ምምሕያሽ በኢት ፍርድታት ዝሓዘ ፕሮግራም ምምሕያሽ ስርዓት ወግዓዊ ብምግባር[7] ክሳዕ 2002 ዓ.ም ምስ ሚንስትሪ ምምዕባል ዓቕምን ድሒሩ ውን ትካል ፍትሕን ምርምር ስርዓተ ሕጊ ክሕግዝዎ ጸኒሖም እዮም። ፕሮግራም ምምሕያሽ ስርዓተ ፍትሒ ተግባራዊ ክኸውን ከሎ ብፍላይ ድማ ኣብ ምምሕያሽ ንኡስ ፕሮግራም ኣኽበርቲ ሕጊን ስልጠና ትምህርቲ ሕጊን ምሕያል ምርመራ ንኡስ ፕሮግራም  በብደረጅኡ ጉሉሕ ዝኾኑ ለውጥታት ስለዝተራእይሉ ኣብ ዝተፈላለየ ጸብጻባት ተገሊጹ ይርከብ። እንተኾነ ግን ስርሓት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብዝድለ ደረጃ ክካወኑ ኣይከኣሉን።

ብድሕር'ዚ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብመንገዲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክኸውን ብመንግስቲ ውሳነ ተዋሂቡ ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም ክጸንሕ ዝኽእል መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ተሓንጺጾም ናብ ስራሕ ተኣትዩ ኣሎ።

### ናይ ዝርርብ ሕቶ

ብ1998 ናብ ስራሕ ዝኣተወ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዘድልዮ ለውጢ ከምጽእ ዘይከኣለ ስለምንታይ እዩ? ኣብርሁ?። (8 ደቒቕ)

## 1.2 ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ካብ 2003 – 2010 ዓ.ም

ናይ ሕብረተሰብ ንፍትሒ ዝምልከት ሕቶ ብዘላቕነት ንምምላስ ክከኣል ንኡስ ፕሮግራም ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ ውሽጡ 7 ሸቶታትን 9 ውጻኢታት ዝሓቖፈ ክኸውን ከሎ ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት ሸቶኦም ንምህራም ዘኽእሉ 16 ፕሮጀክታት ቀሪጹ ኣሎ።[88] ዕላማታት መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት፥

1. ናይ ዳንነት ናጽነት፥ ግሉጽነትን ናይ ተሓታትነት ስርዓታት ብምሕያል ስርዓተ ቅዋም ሱር ክሰድድ ብምግባር ቤት ፍርድታት ዝህብኦም ኣገልግሎታት ውጽኢታውያን፣ ቅልጡፋትን ንኹሉ ዝባጽሑን ብምግባር፣
2. ኣብ ውሽጢ ቤት ፍርድታት ናይ ማዕርነት ጾታ ብምርግጋጽ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሳትፎ ኣብ ናይ ዳንነት ቦታ ምዕባይን ኣብ አስርሕ ፍርድ ውን ንደቂ ኣንስትዮ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፣

---

7 ሚንስትሪ ምምዕባል ዓቕሚ ፣መደም ምምሕያሽ ስርዓት ፍትሒ ናይ መጽናዕቲ መበገሲ ጸብጻብ፣ 1998 ዓ.ም ገጽ 5

8 ናይ ፈደራል ፍትሕን ሕግን ምርምራን ስልጠና ኢንስቲትዩት፣ መደብ ምምሕያሽ  ፍትሒ  ኣብ ፈደራላዊ  ትካላት ዘለዎ ደረጃ ንምፍላይ ዝተገብረ ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ፥2011 ዓ.ም. ገጽ 12

3. ፍርዲ መሰል ዘለዎም መሰል ፍርዲ ኣብ ዝረኸብሉ ጥቕሞም ምርግጋጽ፣ ንስርዓት ፍርዲ ሓገዝቲ ዝኾኑ ምምሕዳራዊ ፍትሒ ዝህቡ ኣካላት ብምሕያል ናይ ሕብረተሰብ ሕቶ ፍትሒ ኣብ ምምላስ ናይ ባዕሎም ተራ ክጻወቱ ምኽኣል ዝብሉ ስለዝኾኑ ኣብ ንኡስ መደብ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ተገሊጹ ይርከብ።

መደብ ምምሕያሽ ሒዝዎ ዝተበገሰ ዕላማን ሸቶን ንምህራም 16 ዝኾኑ ፕሮጀክታት ቀሪጹ። ንሳቶም ከኣ ፕሮጀክት ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፣ ፕሮጀክት ምሕያል ውጽኢታውነት ቤት ፍርድታት፣ ፕሮጀክት ምሕያል መስርሕ ኣፈጻጽማ ፍርዲ፣ ፕሮጀክት ምርግጋጽ ብይን ፍርድታት ኣብ ቅዋም መሰረት ዝተዋሀ ምኧኖም፣ ፕሮጀክት ሕብረተሰብ ንቤት ፍርድታት ዝመዝነሉ ኣሰራርሓ ዝርገሐ፣ፕሮጀክት ምሕያል ምብጻሕ ቤት ፍርድታት፣ ፕሮጀችክት ምምዕባልን ምስፋሕን ኣማራጺመፍትሒ መንገደ፣ ፕሮጀክት ምምላእ ህንጻን ካልኦት ፋሲሊታትን፣ ምስ ከተማ ዝተሓሓዙ በኢት ፍርድታት፣ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ፣ ፕሮጀክት ምሕያል ወተሃደራውን ምሕደራውን ፍትሒ ዝህቡ ኣካላት ፣ፕሮጀክት ምምሕያሽ ኣወሃህባ ናጻ ናይ ተኸላኸሊ ጠበቓ ኣገልግሎት፣ ፕሮጀክት ምዕባይ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ቤት ፍርድታት፣ ፕሮጀክት ምሕያል ኣሰራርሓ ቤት ፍርድታት ብኢንፎርሜሽን ተክኖሎጂ፣ ፕሮጀክት ምውጋድ ነዊሕ ግዜ ዝተኣከቡ ሰነዳትን መዝግበኣትን መከላኸልትን ከምኡ ውን ፕሮጀክት ምሕያልን ምስፋሕን ትግበራ ብዙሓት ዓውደ ጉዳያት እዮም። ምስ ምምሕያሽ መደባት ፈደራል ቤት ፍርድታት ዝተተሕሓዘ ዝተፈጸሙ ብዙሓት ስርሓት ዘለዉ ኮይኖም ብወገን እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ፕሮጀክታት ዝተኣርሑ ስርሓት እዮም ኢልካ ክወሰድ ይከኣል።

ብምኽንያት እዞም ፕሮጀክታት ቤት ፍርድታት ብዙህ ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ዝፈጸማ እኳ እንተኾና ኣፈጻጽማ መደባትን ተግባርትን ምምሕያሽ ፍትሒ ብቐንዲ ኣብ ዝመልከታሉ ንሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዘለዎ እምነት  ኣብ ምምጻእ ክመዝና ከለዋ ብዙሕ ሕጸረታት ነይርወን።

በዚ ምኽንያት ድማ ክፍጸሙ ዝግብኦምን ውጽኢት ክርከብ ዝግብኦ ውጽኢት ዘይተረኽቦም ናይ ስራሕ ኩነታት ምህላው ብምኽንያት ይጥቀስ። ንኣብነት ፡ ምልመላን ምምራጽ ደያኑ ተግባራዊ ዝግበረሉ መምርሒ እንተተዳለወ እኳ ኣብ ተግባር ውጽኢታዊ ኣይኮነን። አዚ ውን ክኸውን ዝኽኣለሉ ናጽነት ዳንነት፣ ግሉጽነትን ስርዓት ተሓታትነት ከይሕይል ብውሽጣዊ ይኹን ብደጋዊ ኣካላት ጣልቃ ናይ ምእታው ከምኡ ውን ቤት ፍርድታትን ደያኑ ባዕሎም ብዝተፈላለዩ ጽቕጥታት ናጽነቶም ከኽብሩ ብዘይምኽኣሎም ዝተላዕለ ከምዝኾነ በብግዚኡ ብዝተገብሩ ግምገማታትን ካብ ዝወጹ ጸብጻባትን ምርዳእ ተኻኢሉ።

ስራሕ ዳንነትን ኣወሃህባ ኣገልግሎትን ንህዝቢ ግልጺ ንምግባር ናይ ኤሌክትሮኒስን ሕትመት ሚድያታት ንምጥቃም ዝትዘርገሐ ስርዓት ብዘይምህላዉ ዝድለ ውጽኢት ኣይመጸን፣ ናይ ደያኑ ስነ ምግባር ደንብን ናይ ስነ ምግባር ጌጋ ስርዓት ኣቀራርባ ኣቤቱታ ብቕልጡፍ ተጋብራዊ ብዘይምዃኑ ውጽኢት ኣይተራእየን፣ ፍርዲ መሰል ዘለዎም ባፈጻጸም ኣገልግሎት ፍርዲ ዕጋበት ክረኽቡ ተባሂሉ እኳ ትጽቢት እንተተገብረ ናይ ሕብረተሰብ ሕማቕ ስምዒቱ ኣይተቋረጸን።[9]

ወላ እኳ መስርሕ ምህናጽ ህንጻ  ውሃ ዘበለ መልክዕ ዝተሰርሐ እንተኾነ፣ ስንኩላንን ካልኦት ዓቕሚ ዘይብሎም ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ ምቹእ ዘይምዃን ሽግር ኣለዎም። እዚኦምን ካልኦት ዘይተተግበሩ ፕሮጀክታትን መድባትን ምምሕያሽ ተደማሚሮም ቤት ፍርድታት ካብ ህዝቢ ክረኽብኦም ዝግባእ ዝነበረ እምነት ብዝግባእን ብዝተማልአ ኩነታት ክረኽባ ኣይከኣላን። ዝኸፍአ ድማ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዘለዎ እምነት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳኣንቆልቆለ ከምዝኸይድ ገይርዎ ኣሎ። ናይ ብልሽውናን ከም ድማ ቅልጡፍን ዝባጻሕ ኣገልግሎት ቤት ፍርዲ ኣወሃህባ ሽግር  ናይ ቤት ፍርድታት ብድሆታት ኮይኖም ቀጺሎም ኣለዉ። ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ ወላ እኳ ዝተፈላለዩ ምምሕያሽ ፕሮጀክታትን መደባትን ሓንጺጾም ንምትጋብር ምንቅስቓስ ዝገበሩ እንተኾኑ፣ ብዘይተግበርዎም ተግባራትን ብዝተራእይሎም ሕጽረታት ዝተላዕለ ቤት ፍርድታት ናይ ሕብረተሰብ እምነት እናኣንቆቆለ ዝመጽአን ትካላት ኮይነን ኣለዋ። ነዚ ስዒቡ ሃገርና ድሕሪ ኣብ 2010 ዓ.ም ናይ መንግስቲ ኣመራርሓ ለውጢ ምግባራ ቤት ፍርድታት ሓደስቲ መራሕቲ ናብ መድረኽ ክምጹ ገይሩ ኣሎ።

### ሕቶ

- ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ናይ ቤት ፍርድታት እምነት ኣብ ህዝቢ እናኣንቆልቆለ ዝመጸኣሉ ቀንዲ ምኽንያታት ግለጽ? (6 ደቒቕ)
- መደባት ምምሕያሽ ሒዝዎ ዝተበገሰ ዕላማን ሽሀቶን ንምህራም ክንደይ ፕሮጀክታት ሓንጺጹ ኣሎ? ብዝርዝር ኣቕምጥ?

## 1.3 ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ካብ 2010 ዓ.ም ክሳብ ሕጂ

ናይ ዳንነት ስርዓትንምምሕያሽን ናይ ህዝቢ እምነት ንምምላስን ብምሕሳብ ኣማኻሪ ጉባኤ ምምሕያሽ ስርዓት ዳንነት ብምምስራት ኣብ ስራሕ ዘለዉ ኣዋጃት ብምምሕያሽ ናይ ዳንነት ኣካል ትካላዊ ናጽነትን ገለልተኛነትን ብዘረጋግጹ፣ ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕዳራዊ ስልጣን ዘስፍሑ፣ ውጽኢታውነት ካብ ሕሉፍ

---
9 መቕጸልታ እግረ ጽሑፍ 8 ገጽ 41-42

ዝሓሸ ምስረታን ስርዓትን ንምዝርጋሕ ዘኽእሉ ናይ ሕጊ ኣቃውማታት ብምድላውን ብኣዋጅ መልክዕ ክወጹ ብምግባር ጽቡቕ ውጽኢት ኣምጺኡ ኣሎ።[10]

ምምሕዳር ደያኑ ቁጽሪ ኣዋጅ 684/2002 ዘማሓይሾ ሓድሽ ኣዋጅ ምምሕዳር ደያኑ እኩብ ካብ ሕሉፍ ብዝሓሸ ኩነታት ቁጽሪ ደያኑ ብዝሕ ክብል ተገይሩ ቁጽሪ ኣባላቱ ናብ 15 ክብ ክብል ኮይኑ ኣሎ። ጉባኤ ውን ገዛእ ርእሱ ብኮሚቴታት ብምጥርናፍ ተግባራት ክዉን ክገብር፣ ስልጠናን ተግባርትን ክሰፍሑ ተገይሩ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ሕጽረት ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ ምልመላን ሹመትን ሕጹያት ደያኑ ብዝርዝርን ግልጺ ብዝኾነ መንገዲ ኣቐሚጡ ኣሎ። ኣብ ፌደራል ቤት ፍርዲ ዳኛ ኮይንካ ክትስየም ዝተሓተ ናይ ዕድመ ገደብ ካብ 25 ናብ 30 ዓመት ሓፍ ኣቢልዎ ኣሎ። ፕረዝዳንትን ምክትል ፕረዝዳንትታት ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ካብ ስራሕ ኣብ ዝፋነዉሉን ንገኣብኖም ተሓተትቲ ዝኾኑሉ ኩነታት ኣእቲይዎ ኣሎ፣ ከምኡ ውን ካልኦት ዝርዝር ምምሕያሻት ብምግባር ተዳልዩ ኣሎ።

ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ቁጽሪ ኣዋጅ 25/88ን ነዚ ኣዋጅ ንምምሕያሽ ዝወጹ ቁጽሪ ኣዋጅ 138/1991፡ 254/1993 ን 321/1995 ከምኡ ውን 454/1995 ብምስራዝ ሓድሽ ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ኣዋጅ [11]

ክዳሎን ብቤት ምኽሪ ወከልቲ ህዝቢ ክጸድቕ ዝተገብረ ኮይኑ፣ ኣቐድም ኣቢሎም ካብ ዝነበሩ ኣዋጃት ፍልይ ብዝበለ ኩነታት ዘለናዮ ግዜ ኣብ ግምት ዘእተዉ መሰረታውያን ንስልጣን ዝምልከቱ ድንጋገታት ክህልውዎ ተገይሩ ኣሎ፣ ካልኦት ካብ ናይ ቀደም ፍልይ ዝበሉን ዝተመሓየሹን ጉዳያት ክሕዝ ተገይሩ ኣሎ። ናይ ፌደራል ደያኑ ስነ ስርዓት ክሲ ስነ ምግባርን ዲሲፕሊን ቁጽሪ ሕጊ 1/2013 ወጽዩ ኣሎ። ካልኦት ሕግታትን መምርሒታትን ኣብ መስርሕ ምርቓቕን ምውጻእን ይርከቡ። እዘም ህጊ ናይ ምውጻእ ተግባራት ናጽነት ቤት ፍርድታት፣ ናይ ደያኑ ናጽነትን ተሓታትነትን ከምኡ ውን ናይ ቤት ፍርድታት ኣወሃህባ ኣገልግሎት ውጽኢታውነት ንምስፋሕ ከም ቅድመ ኩነት ዝረኣዩ ሕግታት ምስ ናይ ምምሕያሽ ተግባር ክነጻጸር ከሎ ውጽኢታዊ ስራሕ ተገይሩ ክውሰድ ይከኣል።

---

10 ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ በኢት ፍርዲ፣ ናይ ዳንነት ኣካል ግዝያዊ ኩነታትን ናይ መጸኢ ኣረኣእያ፣ ታሕሳስ 2012 ገጽ 1

11 ቁጽሪ ኣዋጅ 1234/2013

ናይ ምምሕያሽ ስራሓት ዝረኣዩ ውጽኢትን ቀጻልነትን ዘለዎም ምዃኑ ንምርግጋጽ ናይ 3 ዓመት ምምሕያሽ ፕሮግራም መራሒ መደብ ብላዕለዎት ሞያውያን ተዳልዩ ተግባራዊ ኣብ ምግባር ይርከብ። ኣብቲ ናይ ፕሮግራም መደብ ምድላው ወቕቲ ካብ ደያኑ ለበዋታት፣ ካብ ሰራሕተኛታትን ካብ ናይ ሕጊ ሞያውያን ዘተኣከበ ክኸውን ከሎ፣ ናይ ልምዓት መሻርኽቲ፣ ናይ ሲቪል ማሕበራት ውን ኣብቲ ንድፊ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ርእይቶታት ክህቡ ተገይሩ ኣሎ። ብኸምዚ መልክዕ ዝተዳለወ መደብ 3 ቀንዲ ሸቶታት ዘልውዎ ኮይኑ እዞም ሸቶታት ናይ ዳንነት ናጽነትን ተሓታትነትን ምሕያል፣ ምብጻሕ ፍትሒ ምዕባይን ኣፍልጦ ሕጊ ምኽዕባትን፣ ከምኡ ውን ኣወሃህባ ኣገልጎት ምዕባይን ዝብሉ እዮም። ነዞም ዕላማታት ንምህራም ዝሕግዙ 41 ፕሮግራማት ተሓንጺጾም ኣለዉ።[12]

ኣብ ቅዋም ዓንቀጽ 76(6) ቤት ፍርድታት ባጀተን ብቐጥታ ንተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪበን ክጸድቀለን ይድንግግ። ነዚ መሰረት ብምግባር ንመጀምርታ ግዜ ናይ 2012 ዓ.ም. ናይ ባጀት ዓመት ብእኣን በተን ቤት ፍርድታት ክዳሎ ብምግባር ብቐጥታ ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክቐርብ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ተግባር ውን ኣብ ምሕላው ትካላዊ ናጽነት ዝለዓለ ለውጢ ዝተራእየሉ ጌርካ ክውሰድ ዝኽእል ከሎ፣ ንመጻኢ አዛ ሃገር ንእትበጽሖ ናይ ኢኮኖሚ ኩነታትን ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ካብ ዝገብርኦ ኣስተዋጽኦን ዘእትወኦ ኣታውን እናተራእየ ብመጠኑ ክመሓየሽ ዝግብኦ እዩ።

ኣብ ምምሕያሽ ቀረብ ሃብቲ ሰብ ዝለዓለ ቁጽሪ ዘለዎም ረዳት ደያኑን ረጂስትራር/ ናይ መዝገብ ቤት ሞያውያን ተሸይሞምን ሞያዊ ስልጠና ወሲዶምን ስራሕ ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ኣብዚ ሰዓት ምስ ዘሎ ፍሰት ጉዳያትን ድኽመት ጽፈት መዝገብን ኪረኣኣይ ከሎ እኹል ክበሃል ኣይክእልን። ምምሕያሽ ዝተራእየሉ ዓውዲ እዩ ተባሂሉ ክውሰድ ግን ይከኣል።

ቤት ፍርድታት ዝቐልጠፈ ኣወሃህባ ኣገልግሎት ንዘለወን ግዴታ ንምምሕያሽ ብምሕሳብ ምስ ነዚ ዝውድኡን ዝፍጽሙን ናይ ውሽጢ ሰራሕተኛታት ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ስራሕ ተሰሪሕም ኣለዉ። ናይ ዳንነት ኣገልግሎት ካብ ዝሓቱ ውልቀ ሰባት፣ ማሓበራት፣ ትካላት፣ ብሓፈሻ ምስ ዜጋታት ናይ ህዝባዊ ርክባት ስርሓት ምትግባሮምን ሓበሬታ ምልውዋጦምን ብግልጺ ክስትውዓል ይግባእ።

---

12 ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ፣ ናይ ዳንነት ኣካል ህሉው ኩነታት ናይ መጻኢ ኣረኣእያ፣ ታሕሳስ 2012 ገጽ 7

ስራሓት ናይ ውሽጢ ርክባት ቤት ፍርድታት ኣብ እምነት ህዝቢ ናይ ምምላስ ዕላማ እኹል ግንዛበ ንምፍጣር ብብደረጅኡ ንዝርከቡ ደያኑ፣ ናይ ፍሉይ ክፍሊ ሓላፍትን ሞያውያን ዝርርብ ተኻይዱ ኣሎ። እዞም ዝርርባት ቤት ፍርዳትት ኣብ ዝህብኦም ኣገልግሎታት ተገልጋሊ ዕጋበት ክረክብን እምነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከንቆልቁል ዝግበሩ ምኽንያታት ፈሊኻ ንኽወጹ ዕድል ዝፈጠሩ እዮም። ብተወሳኺ መሪሕነት ንመጻኢ ክሰርሓሎም ዝግባእ ስርሓት ናይ ህዝባዊ ርክባት ምልውዋጥ ሓበሬታ ብዝምልከት ቤት ፍርድታት ብዝተፈላለዩ ምስ ሕጊ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያትን ኣብ ናይ ቤት ፍርዲ ኣገልግሎት ዘተኮሩ ናይ ግንዛቤ መረኻት ምክያዶም ካብ ምስ ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ህዝባዊ ርክባት ሓለፍቲ ዝተገብረ ቃለ መሕትትን ሰነዳትን ክረጋገጽ ይከኣል።

ስርሓት ወጻኢ ርክባት ብዝምልከት ብመንገዲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዘለዉ መራኸቢ ብዙሃን ምስ ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ሓለፍቲ እናተራኸቡ ዝተፈላለዩ ቃለ መሕትት ብምግባር፣ ቤት ፍርዲ ዝገበሮ ምምሕያሻት ብምፍላጥ ምስ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ፣ ናይ ሕጊ ሞያውያን፣ ተበቓታትን ናይ ሲቪል ማሕበራት ናይ ምኽክር መድረኻት ተዳልዮም ኣለዉ።[13] ተሳተፍቲ ውን ኣብ ውሽጢ ቤት ፍርዲ ዝረኣዩ ሽግራት ብብቑዕ ደረጃ ክግንዘቡን ነቶም ሽግራት ኣካል ወሃብቲ ፍታሕ ብምዃን ከበርክትዎ ንዝኽእሉ ኣስተዋጽኦ ሓሳብ ዝተቕያየርሉ ዝርርብ ተኻይዱ ኣሎ።[14]

ምስዚ ጎኒ ንጎኒ ኣብ ቤት ፍርድታት ዝካየዱ ዘለዉ ኩነታትን ተጋብራትን ከምኡ ውን ኣፈጻጽማ ብጋዜጣዊ መግለጺ፣ ብቓለ መሕትት፣ ብጸብጻን ጥቆማ ምሃብን ሓበሬታ ብማሕበራዊ ሚድያን ብመደበኛ መራኸቢ ብዙሃን (ብረድዮ፣ በተለቪዥንን ጋዜጣን) መንገድታት ብምጥቃም ንሕብረተሰብ ናይ ምበጻሕ ስርሓት ተሰሪሖም ኣለዉ። ካብዚ ንላዕሊ ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ዘለውኦ ሁሉው ናይ ለውጢ ምንቅስቓስን ነባራዊ ኩነት ዘመዝግቡ ሓበሬታታት ንማሕበረሰብ ዓለም ብምሃብ ናይ ቤት ፍርድታት ኣወንታዊ ገጽታ ናይ ምህናጽ ስራሕ ኣብ ስራሕ ይርከብ።

ኣብ ጾታን ጾታ መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕትታት ካብ ምክልኻልን መልሲ ምሃብን ናጻ ናይ ሕጊ ድጋፍ ክረኽቡ ተፈቲኑ ኣሎ። ጉዳይ ስርዓተ-ጾታ ትካላዊ ክኸውን ኩነታት ክመቻችኡ ኣብ ዝተሰርሐ ስራሕ ናይ ስርዓተ-ጾታ መሰረታዊ ሓሳብ ምስራጽን ኣብ ውሽጢቲ ትካል ውን እቲ ጉዳይ ጽንዓት ብዘለዎ መልክዑ ተግባራዊ

---

13 ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ፣ ናይ ዳንነት ኣካል ህሉው ኩነታት ናይ መጻኢ ኣረኣእያ፣ ታሕሳስ 2012 ገጽ 12

14 መቐጸልታ ገጽ 12

ክኸውን ዘኽእልን ዝሕግዝን ስርዓት-ጾታ መጠቓለሊ ማንዋል ተዳልዩ መግለጺ ምስተገብረሉ ንዝምልከቶም ናይቲ ትካል ኣካላት ኩሎም ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገልጹ ምምሕያሻት በኢት ፍርድታት ክነጻጸር ከሎ በኢት ፍርድታት ካብ 2010 ንደሓር ምምሕያሽ ዝተራእየሉም ስርሓት ምስርሖም ምግንዛብ ዘኽእል እኳ እንተኾነ ውጽኢት ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርዲ ብቕጽበት ዝረኣይ ብዘይ ምኳኑ፣ ካልኦት መሻርኽትን ተሳትፎ ሕብረተሰብን ብጣዕሚ ዘድሊ ብምኳኑ ነዚ ብሓጺር ግዜ ክዉን ምግባር ዘይከኣል ምኻኑ ብፍላይ ናጽነት ደያኑ ኣብ ምርግጋጽ ትጽቢት ዝግበረሎም ስርሓት ብምህላዎም፣ ተሓታትነት ብዝምልከት እዚዩ ዝበሃል ተግባራዊ ምንቅስቓስ ብዘይምርኣዩ፣ ናይ ደያኑ ብቕዓትን ናይ ስነ ምግባር ኩነታት ኣብ ዝድለ ደርጃ ብዘይምብጽሑ፣ ናይ ቤት ፍርድታት ካልኦት ሰራሕተኛታት ኣወሃህባ ኣገልግሎት ኩነታት ብዝርአ መልክዑ ዘይተመሓየሸ ምኳኑን ካልኦት ተታሓሓዝቲ ሽግራት ብምህላዎምን ዝተላዕለ ኣብ ሃገርና ቤት ፍርድታት እምነት ህዝቢ ኣብ ምርካብ ውጽኢታውያን ኮይነን ኣለዋ ንምባል ኣየድፍርን።

## መዘራረቢ ነጥቢ

ካብ ሕሉፍ ግዜ ብዝሓሽ ካብ 2010 ዓ.ም. ንደሓር ናይ ቤት ፍርድታት እምነት ኣብ ህዝቢ ንምላስ ስተሰርሑ ስርሓት እንተለዉ ብዝርዝር ጥቐስ? ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ዘሎ ግዜ ለውጢ ኣሎ ኢሎም ይኣምኑ ዶ? እንተሎ መርኣያታት ምብንጽጻር የረድኡ?

# ምዕራፍ ክልተ
## ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን ሰብኣዊ መሰላትን

ቤት ፍርድታት ከም ሓደ ናይ መንግስቲ ኣካል ናይ መንግስቲ ስልጣነን ኣብ ዝጥቀማሉ ግዜ ሰብኣዊ መሰላት ከኽብሩ ከምዘለወን እዞም መሰላት ብኻልእ ሰብ ተጣሒሶም ምስ ዝርከቡ ዘለወን ፍርዲ ናይ ምሃብ ስልጣን ተጠቒመን ከኽብሩ ሓላፍነት ኣለወን። ከምዝፍለጥ መሰላት ኩሉም መበገስን ድሕረ ጥብቆ ናይ ወዲ ሰብ ብምኳኖም ዝኾኑ ዓይነት ቤት ፍርድታት ናይ ምምሕያሽ ፕሮግራም ኣብ ዝሕንጽጸሉ ይኹን ተግባራዊ ኣብ ዝገብራሉ ግዜ ናይ ወዲ ሰብ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ከእትዋ ይግብአን። ነዚ ናይ ስልጠና ክፋል ዝወድአ ሰልጣኒ፥

- ስንኩላን ኣብ ቤት ፍርድታት ክጥቀሙሎም ዝግብኦ ፍሉያት መሰላት ይግንዘብ።
- ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ ምሕላው መሰላት ስንኩላን ዘለወን ደረጃ ይግምግም።
- ስርዓተ ጾታ ንዝምልከቱ መሰላት ኣየኖት ምኳኑ ይፈሊ።
- ናጽነት ናይ ዳንነት እንታይ ማለት ምኳኑ ይግንዘብ።
- ናጽነት ናይ ዳንነት ብሓፈሻ ናይ ቤት ፍርድታት ኣረኣእያ ዝህልዎ ውጽኢት ይትንትን።
- ኣብ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ናጽነት ናይ ዳንነት ዘለዎ ቦታ ይግምግም።
- ናይ ደያኑ ስነ ምግባር ብሓፈሻ ኣብ መስርሕ ፍትሒ ዘምጽኦ ጸቕጢ ይፈልጥ።
- ብዘዕባ ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ ግንዛቤ ይህልዎ።

## 2.1 መሰል ኣካል ስንኩላንን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን

ስንኩላን ግቡእ ኣገልግሎት ቤት ፍርዲ ንምርካብ ዝኽልክሎም ምኽንያታት ብቐንዱ ኣብ ሰልስተ ብምኽፋል ምርኣይ ዝከኣል ከሎ ንሳቶም ከኣ ቀዳማይ ሕግታት፣ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓትን ስንኩላን ካብ ተሳታፍነት ክኽልክሉ፣ ካልኣይ ስንኩላን ካብ ዘለዎም ፍሉይ ድሌት ዝተላዕለ ሓበሬታ ንምርካብ ዘኽእሉ ተግባራት ብእኹል ኩነታት ዘይምህላዉ ንኣብነት፣ ናይ ምልክት ቋንቋ ተርጓሚ ዘይምህላዉ፣ ኣብ ውሽጢ ቤት ፍርድታት ናይ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ስራሕ መርከቢ ቦታን ዝሰርሕዎ ናይ ስራሕ ዓይነት ዘይምግላጹ፣ ከምኡ ውን ከም ሳልሳይ ዝረኣይ ምስ ህንጻት ህንጻን ካልኦት ቤት ጽሕፈታት ምስ ኣካላዊ ምብጻሕን ምችኡነትን ዝተተሓሓዘ ንስንኩላን ምቹእ ዝኾነ ናይ ቤት ፍርድታት ናይ ህንጻ መእተዊ፣ ናይ ፍርዲ ኣሰራርሓን ኣቀማምጣን፣ ናይ መስከርቲ ኮፍ መበሊ፣ ናይ ዓይኒ ምድርን ካልኦት ኣገልግሎታት ዘይምምላእ ብዝብል ከነቐምጦም ንኽእል።

ዓለም ለኸ ስምምዕ ምሕላው መሰል ስንኩላን ናይ ፍትሒ ምብጻሕ ብዝምልከት ስንኩላን ከም ካልኦት ሰባት ናይ ፍትሒ ምብጻሕ መሰሎም ክረጋገጽ ከምዝግብኦ እዚ ዝግለጽ ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ፍትሒ ስንኩላን ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ተሳተፍቲ ክኾኑ ከምዝኾኑ ደንጊጉ ይርከብ።[15] ኣብ ውሽጢ' ዚ ዓለም ለኸ ቃል ኪዳን ዝሰፈረ ድንጋገ ተግባራዊ ንምግባር ክከኣል ሃገራት ነዚ ቃል ኪዳን ኣብ ውሽጢ ሃገር ሕግታተን ክጽንብራ ወይ ሕግታተን ኣተረዳግማ ብዝምልከት ምስዚ ቃልኪዳን እናኣሰማምዓ ክትርጎማ ትጽቢት ይግበረለን።

ሓንቲ ሃገር ንስንኩላን ናይ ፍትሒ ምብጻሕ ንምርግጋጽ ሕግታትን ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ከተውጽእን ክትትግብር ከላ ናይዘም ክፋል ሕብረተሰብ ድምጺ ክሰምዕ ትጽቢት ዝግበር እኳ እንተኾነ ሕግታት ክወጹን ብመንገዲ ዝተጠርነፉ ማሕበራት ተሳተፍቲ ክኾኑ ምኽኣል የድሊ። ዝወጹ ሕግታትን ፖሊሲታትን ምስ ዓለም ለኸ ናይ ስንኩላን መሰላት ስምምዕ/ቃል ኪዳን ሰነድ (CRPD) ድሕሪ ምምዕርራዮም ኣብ ናይ ኣካለ ስንኩላን ሰብኣዊ መሰላት ዝሰርሑ መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት፣ደያኑን ማሕበረሰብ ቤት ፍርድን ተኸታታልን ጽንዓት ዘለዎ ስልጠና ክረኽቡ ኣለዎም። ነዚፕሮግራም ኣብ ምምራሕን ምፍጻምን ቤት ፍርድታት ናይ መሪሕነት ሚና ክጻወታ ይግባእ። ኢትዮጵያ ሃገርና ውን ነዚ ዓለም ለኸ ስምምዕ ተቐቢላ ኣላ።

ፕሮግራም ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ምስ ናይ ኣካለ ስንኩላን ፍሉይ ድሌትን ናይ ፍትሒ ምብጻሕን ክረአ ከሎ ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ኣብ ውሽጢ ብዝተሓንጸጹ 16 ምምሕያሽ መደባት ቤት ፍርድታት ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ናይ ብዙሓት ዓውደ ጉዳያት ትግበራ ምስፋሕን ምሕያልን ፕሮጀክት ኣትዩ ዝርከብ ክኸውን ከሎ ኣብ ውሽጢ'ዚ ግዚያት ኣብ ምጅማር ሰሎ ፕሮጀክት ከምዝኾነን መደበኛ ስርሑ ዘይተቐየረ ፕሮጀክት ከም ምኳኑ መጽናዕትታት የርእዩ።

ወላ ካብ 2011 ዓ.ም. ንደሓር ኣብ ምቑጻር ዓቕሚ ሰብን ካልኦት ነኣሽቱ ለውጥታት ካብ ምርኣዩ ወጻኢ ፍትሒ ንስንኩላን ተባጻሒ ክኸውን ዘኽእሉ ና ተግባር ስርሓት ውጽኢታውነት ኣተሓታቲ ካብ ምኳኑ ንላዕሊ ናብ መደበኛ ስርዓትነት ዘይተቐየሩ ምኳኖም ምርዳእ ይከኣል። ኣብ ውሽጢ ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ናይ 2012 ዓ.ም ጸብጻብ በዚ መንገዲ ዝተሰርሐ ስራሕ ምህላዉ ብብሩህ ኩነት ተመልኪቱ ኣይርከብን።

ስለዝኾነ ድማ ኢትዮጵያ ብዘውጸኣቶም ኣዋጃትን ካልኦት ሕግታትን ከምኡ ውን ካብ ዝተቐብኣቶም ዓለም ለኸ ናይ ቃል ኪዳን ሰነዳትን ስምምዓትን ክነጻጸር ከሎ ናይ ኣካለ ስንኩላን መሰላት ብፍላይ ኣብ ቤት

15 ዓለም ለኸ ስምምዕ መሰል ምሕላው ኣካለ ስንኩላን ዓንቀጽ 13

ፍርድታት ክህሉ ዘለዎ ምብጻሕ ፍትሒ ብሕግታትን ብፖሊሲታትን እዚዩ ዝበሃል ጉሉሕ ሽግር ዘይብሉ እኳ እንተኾነ ኣብ ተግባራዊ ተፈጻምነቶም ብዝድለ ደረጃ ውጽኢታውያንን ናብ መደበኛ ስራሕ ዝተቐየረ ክበሃል ኣይክእልን።

### ናይ ዝርርብ ሕቶታት

- ምምሕያሻት ቤት ፍርዲ ናይ ኣካለ ስንኩላን ፍሉይ ድሌት ኣብ ግምት ኣእትዩ'ዩ ተሓንጺጹ ኢሎም ይኣምኑ ዶ? መልሲ እወ እንተኾይኑ ከመይ? ኣይፋል መርኣያታት ይጥቀሱ።
- ቤት ፍርድታት ኢትዮጵያ ንኣካለ ስንኩላን ተባጻሕቲ እዮም መልሲ እወ እንተኾይኑ ከመይ? ኣይኮነን መርኣያታት ይጥቀሱ።

## 2.2 ስርዓተ ጾታን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን

መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣካል ሰብኣዊ መሰላት ብምዃኑ ናይ ሓንቲ ሃገር ዕዮ ገዛ ተገይሩ ጥራይ ዝውሰድ ኣይኮነን፣ ካብዚ ዝተላዕለ ጉዳይ ስርዓተ-ጾታ ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ረኺቡ ኣሎ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝበጽሕ ኣድሉኣዊ ፍልልያት ንምውጋድ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ብዙሓት ዓለም ለኸ ስምምዓት ተጻንቢሮም ንረኽቦም። ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ቻርተር ተመልኪቱ ከምዝርከብ ቀንዲ ዕላማ ሕቡራት መንግስታት ናይ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናጽነት ብዘርኢ፣ ብቋንቋን ጾታን ወዘተ ምኽንያት ፍልልይ ከይተገብሮም ንኹሎም ተግባራት ክኾኑ ዓለም ለኸ ምትሕብባርን ምሕያልን ምዕባይን ኣድላዪ እዩ። ኩሉ ዘማእኸለ መግለጺ ሰብኣዊ መሰላት ኩሎም ሰባት ማዕረ ክብርን መሰላትን ሒዞም ምፍታሮምን ናጻ ምዃኖምን ደንጊጉ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣብ ዓንቀጽ 16 መርዓ ብተመርዓውቲ ናጻ ፍቓድ ጥራህ ክምስረት ከምዝግብኦን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብናታተን ናጻ ፍቓድ መርዕአን ክምስርታ ከምዝኽእላ ተመልኪቱ ይርከብ። ዓለም ለኸ ስምምዕ ናይ ሲቪልን ፖለቲካን መሰላት ጾታ መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ ብምግንዛብ ኣባል መንግስታት ኣብ ሰነዱ ዝተደንገጉ መሰላት ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ንደቂ ኣንስትዮ ክኽበረለን ግቡእ ዝኾነ ስጉምትታት ክወስዱ ከመላክት ከሎ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 2 ግደታ ገየርሎም ኣሎ። ኣብዚ ስምምዕ ብመሰረት ዓንቀጽ 3 ኣባል መንግስታት ኣብ ሰነዱ ዝተማልኡ ናይ ሲቪልን ፖለቲካን መሰላት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ማዕረ ተጠቐምቲ ምዃኖም ዘረጋግጽ ሓላፍነት ኣለዎም፣ ብተወሳኺ ኣብቲ ስምምዕ ኣብ ዓንቀጽ 23 መርዓ ዝፍጸም ብናይ መርዓውቲ ናጻ ምርጫን ድሌትን ጥራሕ ብምምስራት ምዃኑ ደቂ ኣንስትዮ ሓዳር ክምስረት ከሎ፣ ሓዳር ጸኒዑ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜን ኣብ ዝፈርሰሉን ግዜ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ዘለውን ምዃኑ ይድንግግ።

ዓለም ለኸ ናይ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊን ባህላውን ስምምዕ መሰላት ልክዕ ከም ኩሎም ዓለም ለኸ ናይ ሲቪልን ፖለቲካን ስምምዓት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማኦረ ተጠቃምነት ኣብ ዓንቀጽ 3 ዘረጋግጽ ሓላፍነቱ ንኣባል ሃገራት ሂቡ ኣሎ። ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል ናይ ምርካብ፣ ንተመሳሳሊ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ምርካብ፣ ከምኡ ውን ምቹእ ናይ ስራሕ ኩነታት ክፍጠረለን ኣብ ዓንቀጽ 7 ተመልኪቱ ኣሎ። ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ዓንቀጽ 10 ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መርዓ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ከምዘለወንን ናይ ጥዕና ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለወን ደንጊጉ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ፍልልይ ንምውጋድ ዝተገብረ ስምምዕ ብመሰል ደቂ ኣንስትዮን ዝፍጠሩ ኣድልዎኣዊ ፍልልያት ንምኽልካል ዝወጸ ስምምዓት ክኸውን ከሎ ኣብ ዘለዉ 30 ዓንቀጻት ኣድልዎኣዊ ፍልልያት ዝኽልክሉ፣ ናይ ምእራም ስጉምትታትን ክልከላ ዝገብሩ ድንጋገታት ሒዙ ይርከብ።

ኣብ ሃገርና ውን ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰላት ንምርግጋጽ ክከኣል ብምሕሳብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዴ.ሪ ዓንቀጽ 35 ብርክት ዝበሉ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰረታውያን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ዋሕስ ዝሃበ ክከውን ከሎ ናይ ድጋፍ ስጉምትታት ትጠቀምቲ ናይ ምኳን መሰል ወሲኹ ካብ ጎዳእቲ ልምዳዊ ተግባራት ዝሕሉ፣ ኣብዛ ሃገር ዝወጹ ፖሊሲታት፣ ፕሮግራማትን ስትራተጂታት ናይ ምስታፍ መሰል፣ ናይ ውርሻ፣ መሰል ዋንነትን ምምሕዳርን ምምሕልላፍን መሬት፣ ስራህ ናይ ምቑጻር መሰል፣ ክንክን ጥዕና ናይ ምርካብ መሰል እቶም ቀንዲ ክኾኑ ከለዉ እዞም መሰላት ንምፍጻም ዘኽእሉ ብዙሓት ሕግታት ወጽዮም ኣለዉ፣ ስርዓተ-ጾታ መሰረት ዝገብረ ፍልልይ ዘእንግዱ ኣብ ስራሕ ዝነበረኡ ሕግታት ዘመሓይሽ ተጋብራት ተፈጺሞም ኣለዉ። ካብዚ ብምውሳኽ ኢትዮጵያ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮም ዝበዝሑ ስምምዓት ተቐቢላ ኣላ። ብጠቕላላ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኩነታት ክርዳእ ዝከኣል ብቅጥዒ ፖሊስን ሕጊን ኢትዮጵያ ኣብ ምኽባር ማዕርነት መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘሑብን ደረጃ ከም ዘላ እዩ።

በዚ መሰረት ሃገርና ኣብ እተውጽኦም ሕግታትን ሓፈሻዊ ፖሊሲታትን ማዕርነት መሰላት ምርግጋጽ ደቂ ኣንስትዮ በይኑ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰላት ብጭቡጥ ተረጋጊጹ ናብ ዝብል መደምደምታ ከብጽሕ ኣይክእልን። እንተኾነ እዚ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ናይ ማዕርነት መሰላት ንክረጋገጽ ኩሎም ናይ መንግስቲ ትካላት፣ መሻርኽቲ ኣካልትን ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ክጻወቶ ዝግብኦ ተራ ብምፍላይ ንተግባራዊ ተፈጻምነቱ ሻማሻማ ክብል ኣለዎ። ናብ ቤት ፍርድታት ምስ እንመጽእ ከም ሓደ ኣካል ናይ መንግስቲ እዞም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሰብኣዊ መሰላት ከይተሸራረፉ ክትግበሩ ሓላፍነት ዘለወን ኮይኑ ናብ ስራሕ ንምቕያር ካብ

ኣብ ላዕሊ ዝተመልከቱ ዓለም ለኸን ምስ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሕጊ ቅጥዕታት ክሰማማዕ ዝኽእል መደባት ምምሓይሽ ቤት ፍርድታት ሓንጺጾም ተጋብራዊ ክገብሩ ይግብኦም።

ምምሕያሽ በኢት ፍርድታት ብዝምልከት ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም። ናይ ግዜ ስለኢዳ ዝሸፍን ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ዝተሓንጸጸ ከኸውን ከሎ፣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰላት ኣብ ምርግጋጽ ናይ ዓውደ ብዙሕ ጉዳያት ትግበራ ምስፋሕን ምዕባይን ፕሮጀክት ምሕንጻጹ ይፍለጥ። እቲ ፕሮጀክት ውን ናይ ጾታ-ማዕርነት ከኽብር ብቤት ፍርድታት ዝትግበሩ ፖሊሲታትን ናይ ኣሰራርሓ ስርዓታትን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ማዕርነት ዘገናዘቡ ክኾኑ ምግባር ከምዝግባእ ብግልጺ ኣቐሚጥዎ ኣሎ። በዚ መሰረት ኣብ ቅዋም ንደቂ ኣንስትዮ ዝተረጋገጹ መሰላት፣ ናይ ዓል ኣንስተይቲ መጥቃዕቲ መበገሲታትን መፍትሒታትን ኣመልኪቱ ግንዛቤ ዘማዕብሉ ስልጠናታት ንናይ ቤት ፍርዲ ማሕበረሰብ ንምሃብ ምኽኣሉ ካብ ቤት ፍርድታት ዓመታዊ ናይ ስራሕ ጸብጻብ ክፍለጥ ይከኣል። ምስዚ ዝተታሓሓዘ ናይ መከታተሊ ናይ መረጋገጺ ዝርዝር/ቼክ ሊስትታት/ ተዳልዮም ናይ ክትትልን ግምገማን ስርዓት ክስራሕ ጸኒሑ ኣሎ።[16]

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓቕሚ መሪሕነት ዘጎልብቱን ናብ መሪሕነት ንምምጻእ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ናይ ሞያ ስልጠናታትን ናይ ትምህርቲ ዕድላትን ተመቻቺኦም ኣለዉ፣ ናይ ጸረ መጥቃዕቲ-ጾታ መዓልትን ናይ ጻዕዳ ሪቫን መዓልቲ፣ ዓለም ለኸ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ክዝከርን ሰራሕተኛታት ከኽብርዎን ተገይሩ'ሎ።[17] ምእካብ ሓበሬታ ዓቕሚ ሰብ ኣመሰራርትኡን ክንምልከት ምስ ስርዓተ ጾታ ክተሓሓዝ ተኻኢሉ ኣሎ።[18]

ካብ 2010 ዓ.ም. ንደሓር ብፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርድታት ኣብ ጉዳይ ዳይረክቶረት ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ብቅዋምን ብዝተፈላለዩ ሕጋታትን መሰረት ዝተረጋገጹ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ክኽበሩ ዝተፈላለዩ ናይ ግንዛቤ መዕበዪ ስልጠናታት ንደያኑን ካልኦት ሰራሕተኛታትን ከምዝወሃብ ተገይሩ ኣሎ፣ ናይ ስርዓተ-ጾታ መጠቓለሊ ማንዋል ብምድላው ንዝምልከቶም ናይቲ ታክላ ኣካኣልት ዘርጊሑ ኣሎ፣ ካልኦት ተግባራት ውን ኣብ ምፍጻም ይርከብ።

---

16 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሕን ሕግን ምርመራ ከምኡ ውን ኢንስቲትዩት ስልጠና፣መደብ ምምሕያሽ ፍትሒ ኣብ ትካላት ፌደራል ዘለዎ ደረጃ

17 መቐጸልታ እግረ ጽሑፍ 16 ገጽ 50

18 መቐጸልታ ገጽ 50

ብኻልእ ወገን ወላ እኳ ብቤት ፍርድታት መጥቃዕቲ ስርዓተ-ጾታ ብዝምልከት ዝስርሑ ስርሃት ምምሕያሽ ዝረኣየሎም እንተኾኑ ዝበዝሑ ደያኑ ኣብ ጾታ ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ንምእንጋድ ትሑት ናይ ተመኩሮ ዘለዎም ብምዃኑ፣ ምድንጓይ ፍትሒ ብምርኣዩ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳይ ናይ ውሳነታት ፍልልይ ብምህላዉ ናይ ሓደ ሓደ ደያኑ ናይ ኣመለኻኽታ ጸገም ብምህላዉ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ምስ ስርዓት-ጾታ ክነጻጸር ከሎ ለውጢ ዘሎ እኳ እንተኾነ ብእኹል ደረጃ ዘይምብጽሑ ምምልካት ይከኣል።

## ናይ ዝርርብ ሕቶታት

- ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ስርዓተ-ጾታ ዝተታሓሓዘ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሰብኣዊ መሰኣልት ብዝግባእ ኩነታት ከይክበሩ ዝገብሩ ብድሆታት እንተልዉ ጥቐስ? መፍትሒ ሓሳብ ኣቕርብ?
- መጥቓዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምክልኻል ኣብ ሃገርና ተፈጻምነት ዘልዎም ናይ ሕጊ ቅጥዕታት ኣየኖት ከምዝኾኑ ኣብርህ?

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦት ሰብኣዊ መሰላት ብቤት ፍርድታት ክኽበሩ ንምኽኣል ብቐንዱ ስዒቦም ዝምልከቱ መደባት ተጋባራዊ ክግበሩ ዝግባእን ኣብ ውሽጢ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ክእትዉ ከምዝግባእ ይእመን። ካብዚብምብጋስ እዞም መደባት ምርኣይ ግቡእ ይኸውን።

## 2.3 ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ

ኣብ ሓደ ሃገር ዘለዉ ሰባት ብተፈጥሮ ዝረኸብዎምን ብሕጊ ዝተፈልጡሎም ሰብኣዊ መሰላት ብሕጊ ኣብ ልዕሊ ምዝርዛሮም ብፍላይ ብቤት ፍርዲ ከምዝረጋገጾሎም ንምኽኣል ቤት ፍርድታት መስርሕ ፍትሃዊ ፍርዲ ብቅኑዕ ተግባራዊ ክገብራ ይግብእን። ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ ንምርግጋጽ ቀንዲ መሰረት ዝኾነ መሰል ናይ ማዕርነት መሰል ክኸውን ከሎ እዚ መሰል ኣብ ዓለም ለኸ ናይ ሲቪክን ፖለቲካን መሰላት ቃልኪዳን ዓንቀጽ 14(1) ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለዎም ብምባል ይድንግግ። ኣብዚ ናይ ቃልኪዳን ሰነድ ኣብ ዓንቀጽ 26 ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፣ ኣብ መንነኦም ዝኾነ ዓይነት ፍልልይ ከይተገብረ ማዕረ ሓለዋ ይግበረሎም ብምባል ይድንግግ።

ኣብ ናይ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ. ዓንቀጽ 25 ምስ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ቃል ኪዳን ሰነድ ብዝሰማማዕን ሓደ ዓይነት ብዝኾነ ኣገላልጻ ኩሎም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም፣ ኣብ ሞንግኦም ዝኾነ ዓይነት ፍልልይ ከይተገብረ ብሕጊ ማዕረ ሓለዋ ይግበረሎም። በዚ ኣካይዳ ብዘርኢ፣ ብብሄር፣ ቀቢላ፣ ብሕብሪ፣ ብጾታ፣

ብቋንዉኣ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ፣ ብማሕበራዊ ኣመጻጽኣ፣ ብሃብቲ፣ ብትውልዲ ወይ ብኻልእ መርገጺ ምኽንያት ፍልልይ ከይተገብረ ኩሎም ሰባት ማዕረን ጭቡጥ ናይ ሕጊ ውሕስነት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ሓደ ሰብ ብጉዳይ ወንጀል ተኸሳሲ ኮይኑ ኣብ ዝቐርበሉ ወቕቲ ወይቻኣብ ናይ ፍትሒ ጉዳያት ምስ ዝኸውን ተኻራኸርቲ ወገናት ጉዳያቶም ሒዞም ቤት ፍርዲ ዝቐርቡሉ ግዜ ኣብቲ ጉዳይ ዝካየድ መስርሕ ፍርዲ የማንን ጸጋምን ማኦረ ብምርኣይ ብፍትሒ ስነ-ሸርዓት ሕግን ብመቕጽዒ ስነ ስዓት ሕጊ ወንጀለኛ ድንጋገታት ከምኡ ውን ብኻልኦት ሕግታት ክሕለወሎም ዝግብኡ ኩሎም መሰላት ክኽበሩሎም ምግባር ዝግባእ ክኸውን ከሎ ፍርዲ ክካየድ ዝግብኦ ውን ብግልጺ ንህዝቢ ክፉት ብዝኾነ ኩነታት እዩ።

ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ ክህሉ ኣለዎ ተባሂሉ ዝሕሰብ ብብዙሓት ምኽንያታትን መብጽሒ ሸቶታን መሰረት ብምዃኑ ክኸውን ከሎ ካብ ውሽጢ እዚኦም እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ እዮም። ቀዳማይ ምኽንያት ናይ ሰባት ሰብኣዊ መሰላት ከይጥሓሱ ንምክልኻል ዝጠቅም ምዃኑ እዩ። ብኻልኣይ ክጥቀስ ዝከኣል ኣብ ወንጀል ይኹን ኣብ ጉዳያት ፍትሒ ዝወሃብ ፍርዲ ዝግባእ መስርሕ ፍርዲ ኣብ ዝሓልፈሉ ወቕቲ ብጌጋ ሕማው ፍርዲ ከየጋጥም ብእኡ ኣቢሉ ንጽሃን ሰባት ግዳይግጉይ ፍርዲ ከይኮኑ ኣብ ምክልኻል ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ብምዃኑ እዩ። ብሳልሳይ ክጥቀስ ዝኽእል ምኽንያት ምናልባት ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቕሱ ኩነታት ዝተላዕለ ጌጋ ተፈጺሙ ሰባት ሰብኣዊ መሰላቶም ተጣሒሱ ምስ ዝርከብ እዚ ጉድኣት ብዝተኻእለ መጠን ንምኽሓስ ከምዝከኣል ምግባሩ እዩ።

ናይ ዳንነት ገለልተኝነትን ናጽነትን ኣብ ምልክት ሕቶ ምእታው፣ ብዝተወሰኑ ከበድብቲ ናይ ወንጀል ጉዳያት እንተዘይኮይኑ ንተኸሳሲ ብመንግስቲ ዝምደብ ተኸላኻሊ ጠበቓ ዘይምህላዉ፣ ኣብ ሓደ ሓደ ፍርዲ ዝስተውዓሉ ተኻራኸርቲ ዘይምኽባር ኩነታት ምርኣይ፣ ናይ ምልክት ቋቋ ተርጓሚ ብእኹል ዘይምህላዉ፣ ከምኡ ውን ኣብ ፍርዲ ዝይምኽኣል ኣዳራሻት ኩነታት ምህላዎምን ኣብ ሃገርና ፍትሓዊ መስርሕ ፍርዲ ብዝተማልአ ኩነታት ከይረጋገጽ ዝገብሩ ዕንቅፋታት እዮም ኢልካ ክድምደም ይከኣል።

## 2.4 ናይ ዳንነት ናጽነት

ብዘመናዊ ናይ ሕጊ ኣተሓስሳባ መሰረታዊ ሓሳብ ናይ ዳንነት ናጽነት ንሰብ ቤት ናይ ዳንነት ናጽነት ደያኑ ጥራሕ ዝምልከት ዘይኮነ ቤት ፍርድታት ከም ትካል ዘጠቓልል እዩ።[19] ናይ ዳንነት ናጽነት መሰረታዊ ሓሳብ ነዚ ጽሒፍ ኣቀራርባ ብዝጥዕም መልክዕ ክትርጎም ከሎ ደያኑ ኣብ ሓደ ዝሓዝዎ ጉዳይ ውሳኝ ክህቡ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት ካብ ዝቐርብ ክርክር፣ ፍረ ሃሳብ፣ መርትዖን ነቲ ጉዳይ ኣገባብ ካብ ዘለዎ ሕጊ ወጻኢ ውሳነ ኣወሃህብኦም ኮነ መስርሕ ውሳነ ካብ ዝኾነ ኣካል መንግስቲ፣ በዓል ስልጣን ውልቀ ሰብ በዘይ ኣገባብ ጣልቃ ምእታው ጸቕጥን ድፍኢትን ነጻ ምኧን ዝሓትትን ክኸውን ከሎ ከም ትካል ቤት ፍርድታት ደያኑን ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታት ናይ ምምሕዳር ናጽነት ክህልዎም ይግባእ ዝብል ትርጉም ንወስድ።[20] እዚ ናይ ደያኑ ምልመላ፣ ሹመት፣ ዝውውር፣ ዕቤት፣ ድሲፕሊን፣ ምስንባት ካብ ስራሕ ደሞዝን ሓደ ሓደ ጥቕምታት ናይ ምውሳን ናጽነት ምህላው ማለት ካብ ምኧን ንላዕሊ ቤት ፍርድታት ዘድልየን መጠን ግምት ባጀት ኣዳልየን ንዝምልከቶ ኣካል ንኽጸድቕ ምቕራብን ባጀት ድሕሪ ምጽዳቑ ካብ ምስ ኣካያዲ ስራሕ ጣልቃ ምእታው ናይ ምምሕዳር ናጽነት ዘጠቓልል እዩ።[21]

ናጻ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ናይ ሕጊ ልዕልና መሰረታዊ ገጽታን ንዴሞክራስያዊ ስርዓት ክህሉ ቅድመ ኩነት እዩ። መሰረታውያን መሰላትን ናጽነትን ኣብ ቅዋም ወይ ኣብ ካልእ ሕጊ ምድንጋጎም ጥራህ ንባዕሉ ንመሰላት ምርግጋጽ ዋሕስ ክኸውን ኣይክእልን።[22] እዘም መሰላት ክዉናት ክኾኑ ናጻ ቤት ፍርዲን ናይ ዳንነት ስርሖም ብነጻ ዝሰርሑ ደያኑ ክህልዉ ኣለዎም።

ናጽነት ዘይብሉ ቤት ፍርዲ ናይ ሰባት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ከረጋግጽ ኣይክእልን። ብምኽንያት ኣብ ዜጋታት መንግስትን ከምኡ ውን ኣብ ሞንጎ ሰባት ዘለዉ ርክባት ዝለዓሉ ናይ ፍትሒ ወይ ናይ ወንጀል ክርክራት ገለልተኛን ናጻ ኮይኑ መዕለቢ ክህብ ዝኽእል ቤት ፍርዲ ኣብ ዘይሃለወሉ ናይ ሕጊ ልዕልና ክረጋገጽ ኣይክእልን። ናይ ሕጊ ልዕልና ኣብ ዘይተረጋገጸሉ ኩነታት ድማ ህንጸት ዴሞክራስያዊ ስርዓትን ሰናይ ምሕደራ ክዉናት ክኾኑ ኣይክእሉን።[23] ሰላምን ቀጻልነትን ዘለዎ ልምዓትን ውሕስነትን ኣይህልዉን።ናይ ዳንነት ናጽነት ንዕቤት ኢንቨስትመንትን ኢኮኖምን መሰረት እዩ። ህዝብን ሰብ ጸጋን ኣብ ቤት ፍርድታትን ደያኑን እምነት

19 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሒ ኣካላት ማእከል ስልጠና ሞያውያን፣ ናይ ስልጠና ሞጁል ገጽ 5

20 መቕጸልታ ገጽ 11

21 መቕጸልታ

22 መቕጸልታ ገጽ 13

23 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሒ ኣካላት ማእከል ስልጠና ሞያውያን፣ ናይ ስልጠና ሞጁል ገጽ 13

ክህልዎም ኣብ ሓንቲ ሃገር ናጽነት ናይ ዳንነት ምስፋንን ምርግጋጽን ወሰንቲ እዮም። ስለዚ ብዛዕባ ኣድላይነት ናይ ዳንነት ናጽነት ዝኾነ ዘከራኽር የብሉን።[24]

እቲ ሕቶ ኣብ ናይ ዳንነት ናጽነት ምስፋሕን ተግባራዊ ኣፈጻጽምኡን እዩ ዘሎ። ናጽነት ናይ ዳንነት ዝምልከቱ፣ናይ ዳንነት ናጽነት ምስፋኑን ንምርግጋጽ ዝሕግዙ መስፈርታት፣ ክውሰዱ ዝግብኦም ናይ ፍታሕ መንገድታትን ሃገራት ክኽተልኦም ዝግባእ ስልትታትን ጥቕሚ ዘለዎም ዝርዝር ድንጋገታት ብዓለም ለኸ ትሕዝቶ ኣብ ልዕሊ ዘለዎም ሰነዳት ክኸውን ከሎ ንሳቶም ብቐንዲ፣ ናይ ሕቡራት መንግስታት ንድፊ መደባት ናጽነት ቤት ፍርዲ፣ ናይ ዓለም ለኸ ማሕበር ጠበቓታት ናይ ዳንነት ናጽነት ዝተሓተ መምዘኒታት፣ ናይ ሞንትርያል ናጽነት ፍትሒ ኩሉ ሓዘል መግለጺ፣ ሕቡራት መንግስታት ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነት መሰረታዊ መደባት ከምኡ ውን ናጽነትን ገለልተኝነትን ቤት ፍርድታት ኩሉ ሓዘል ንድፊ ይርከብዎ። [25] እዞም ዓለም ለኸ ትሕዝቶ ዘለዎም ሰነዳት ኣብ ሃገርና ብቐጥታ ምግዳድ ዘለዎም እኳ እንተዘይኮኑ ዝኾነት ሃገር ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነት ክትሕሉ እንተሓሲባ ክትጥቀመሎም እትኽእል ኣመላኽትቲ ሓሳባት ዝሓዙ እዮም። [26]

ናይ ዳንነት ናጽነት ንምስፋን ብመጀመርያ ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲ ሕጋዊ ሓለዋ ናይ ዳንነት ናጽነት ምግባር እዩ። ብዙሓት ሃገራት ንመትከል ናጽነት ዳንነት ቅዋማዊ ኣፍልጦን ሓለዋን ገይረን ኣለዋ።[27] በዚ መሰረት ናይ ደያኑ ናይ ስራሕ ዘመን ውሕስነት፣ ሽመት፣ ምስንባት ካብ ስራሕ ደሞዝን ካልኦት ጉዳያትን ኣብ ቅዋም ከም ዝኣትዉ ገይሩ ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ ቅዋም ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ኣብ ዓንቀጽ 78 ናጻ ናይ ዳንነት ኣካል ከምዝተመስረተ ብግልጺ ዝደንገገ ክኸውን ከሎ ኣብ ዓንቀጽ 79 ድማ ናይ ዳንነት ኣካል ካብ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ኣካል፣ ካብ ዝኾነ በዓል ስልጣን ይኹን ካልእ ጸቕጢ ናጻ እዩ ብምባል ይድንግግ። ደያኑም ናይ ዳንነት ተግባራቶም ብምሉእ ናጽነት የተግብሩ፣ ካብ ሕጊ ወጻኢ ብኻልእ ኣይምርሑን ብምባል ተመልኪቱ ኣሎ።[28]

---

24 መቕጸልታ

25 መቕጸልታ

26 መቕጸልታ

27 መቕጸልታ

28 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሒ ኣካላት ማእከል ስልጠና ሞያውያን፣ ናይ ስልጠና ሞጁል ገጽ 28

ኣብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ዓንቀጽ 79 ንኡስ ዓንቀጽ 4ን5ን ናይ ዳኛ ጡረታ ኣወጻጽኣ ኩነታት ኣመልኪቱ ዝደንገገ ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ዓንቀጽ 76(6) ቤት ፍርድታት ናይ ዳንነት ኣካል ዘመሓድርሉ ባጀት ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪበን የወስና፣ ምስ ተፈቕደ ድማ ነቲ ባጀት የመሓድራ ብምባል ይድንግግ። ካልኦት ናይቲ ቤት ፍርዲ ጉዳያት ናይ ደያኑ ዝርዝር ኣድላዪ ተግባራት ከተግብሩ ናይ ደያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ክምስረት ገይሩ ኣሎ። እዚ ዘርእዮ ናይ ዳንነት ናጽነት ብሕጊ ኣፍልጦ ኣብ ምሃብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ብዝግባእ ኣፍልጦ ምሃቡ እዩ።

ኣብ ተግባር ዘሎ ተፈጻምነት ብዝምልከት ቅዋም ቤት ፍርዲ ገዛእ ርእሱ ክኢሉ ባጀት ከጽድቕን ከመሓድርን ከምዝግብኦ ዝድንግግ እኳ እንተኾነ ክሳብ 2012 ዓ.ም. ፌደራል ቤት ፍርድታት ባጀተን ብቐጥታ ንተወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪበንን ኣጽዲቐንን ኣይፈልጣን እዚ ኣብተን ቤት ፍርድታት ትካላዊ ናጽነት ዘለዎ ኣሉታዊ ጸቕጢ ብቐሊሉ ዝርእ ኣይኮነን።

ብመሰረት ዓለም ለኸ ናይ ዳንነት ናጽነት ዝተሓተ መምዘኒ ደያኑ ካብ መደበኛ ናይ ዝውውር ስርዓት ዝፈቐዶም ወጻኢ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ክዛወሩ የብሎምን።[29] እዚ ውን ዝኾነሉ ሓደ ዳኛ በዚ መንገዲ ምስዝውስን በዚ ምኽንያት ናብ ካልእ ቦታ ክዛወር ይኽውንየ ዝብል ስግኣት ኣብ ኣእምርኡ ክቐርጽን ናብ ካልእ ቦታ ከይዘዋወር ክብል ካብ ሕጊ ወጻኢ ክውስን ዝኽእለሉ ኩነታት ከይህሉ ምግባር እዩ።[30] ናይ ደያኑ ዝውውር ብሕጊ ብግልጺ ኣብ ዝተቐመጠ ምኽንያት  ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ደያኑ ዕቤት ድማ ጭቡጥ ዝኾነ መምዘኒታት ብፍላይ ኣብ ክእለት፣ ስብእናን ልምድን ዝተመስረተ ክኸውን ይግብኦ። ዕቤት ከምይን በየናይ መምዘኒ ከምዝወሃብ ብሕጊ ብግልጺ ክቕመጥ ከምዘለዎ ናይ ዳንነት ናጽነት መትከል ይሓትት።[31]

---

ካብዚ ብምብጋስ ናይ ሃገርና ኩነታት ክንርኢ ከለና ኣብ ፌደራል ይኹን ክልል ናይ ደያኑ ዝውውር ናይ ምውሳን ስልጣን ናይ ጉባኤ ምምሕዳር ደያኑ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ዝውውር ብምንታይ ምኽንያት ኣበየናይ ግዜ ክፍጸም ከምዘለዎ ዝገልጽ ሕጊ የለን። ዕቤት ብዝምልከት ግልጺ ኮይኑ ኣብ ሕጊ ዝተቐመጠ መምዘኒ የለን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ  ሓሳባት ምርግጋጽ ዝከኣል ናይ ዳንነት ናጽነት ቅዋማዊ

[29] መቕጸልታ

[30] መቕጸልታ

[31] መቕጸልታ

ኣፍልጦ ዝረኸበ ጉዳይ እዩ እኳ እንተተባህለ ብዝተማልአ ኩነታት ናይ ዳንነት ናጽነት ንከረጋግጽ ገና ብዙሕ ስርሓት መዲብና ምስራሕ ዝጽበየና ምዃኑ እዩ።

**መዘራረቢ ሕቶ**

ናይ ዳንነት ናጽነት ብዝምልከት ዘሎ ጉድለት ብኸመይ ዝረኣይ እዩ? ብዝርዝር ዝርርብ ይግበሩሉ። (12 ደቒቕ)

## 2.5 ኩነታት ስነ ምግባር ደያኑ

ደያኑ ስርሖም ብናጽነት ከተግብሩ ይግባእ፣ ካብ ሕጊ ወጻኢ ብኻልእ ውሽጣዊ ይኹን ደጋዊ ዘይግቡእ ጣልቃ ምእታው ጸቕጢ ክገብረሎም ኣይግባእን ማለት ደያኑ ኣብ ስርሖም ብዝፍጽምዎ ካብ ሰናይ ስነ ምግባር ዝወጸ ብሕብረተሰብ ናይ ቤት ፍርድታት እምነት ዝቕንስ ተግባራት ክፍጽሙ የኽእሎም ማለት ኣይኮነን፣ ፈጺሞም ምስ ዝርከቡ ተሓታትነት ኣይህልዎምን ንምባል ኣይኮነን። [32]

ባህሪ ስራሕ ዳነንት ገለልትነት፣ ምምዛን፣ ሃቐነት፣ ጻዕሪ፣ ቅንዕናን ኣንደ ህዝቢ ኣገልግሎትን ስምዒትን ዝሓትት እዩ።[33] ይኹን ደኣ እምበር ካብዚ ኣተሓሳስባን መትከልን ወጻኢ ናይ ህዝቢ ትካላት ኣብ ዝኾና ቤት ፍርድታት ዝሰርሑ ደያኑ ናይ ህዝቢ ጥቕሚ ብዝጎድእ መልክዑ ከተግብሩ ይኽእሉ፣ ሕጊ ክጥሕሱ ይኽእሉ፣ ናይ ገዛእ ርእሰም ናይ ግሊ ድለታቶምን ናይ ፖለቲካ ኣተሓሳስባ ከሳልዩ፣ ኣድልዎ ክፍጽሙ ይኽእሉ፣ ብልሽውና ኣብ ውሳነታቶም ኣሉታዊ ጸቕጢ ከሕድር ክፈቕዱ ይኽእሉ። ስርሖም ብቕልጡፍ ከይሰርሑ ይኽእሉ። ብሓፈሻ ደያኑ ኣብ ናይ ዳንነት ስርሖም ጽቡቕ ባህሪ ክህልዎም ምግባር ዝኽእል ስርዓት እንተዘየለ ጥራሕ ብኣንጻሩ ወገንተኛን ብልሽዋትን ክኾኑ ይኽእሉ።[34]

ኣብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዲ.ሪ ካብ ዝተቐመጡ መሰረታዊ ቅዋማዊ መደባት እቲ ሓደ ተሓታትነት እዩ። ኣብ ቅዋም ዝተቐመጡ ምስ ናይ ዳንነት ናጽነት ዝተታሕሓዙ ድንጋገታት እቶም ዝበዝሑ ተሓታትነት ኣብ ውሽጦም ዝሓዙ ከምዝኾኑ ምግንዛብ የድሊ። ተሓታትነት ናይ ዴሞክራሲ ስርዓት ፍሉይ ባህሪ እዩ። ናይ ተሓታትነት መትከል ኣብ ሰለስቲኦም ናይ መንግስቲ ኣካላት ተፈጻምነት ዘለዎን ክትግብርዎ ዝግብአን መትከል እዩ።

---

32 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሒ ኣካላት ማእከል ስልጠና ሞያውያን፣ ናይ ስልጠና ሞጁል ገጽ 34

33 መቐጸልታ

34 መቐጸልታ

ስርሖም ብስነ ምግባር ዘይሰርሑ ቤት ፍርድታትን ደያኑን ምህላዎም ናይ ዴሞክራስያዊ ስርዓትን ቅኑዕ ምሕደራን ጠንቂ ካብ ምኳን ወጻኢ ዝጠቕሞ ነገር የለን።[35]

ቤት ፍርድታትን ደያኑን ዝሓዝኦ ስልጣን ናይ ህዝቢ ስልጣን እዩ። ህዝቢ ናይ ልኡላውነት ስልጣኑ ተግባራዊ ካብ ዝገብረሎም መንገድታት እቲ ሓደ ብተወከልቲ እዩ። ናይ ቤት ፍርድታትን ደያኑን ናይ ህዝቢ ተሓታትነት ዝረጋገጸሉ ብሓጋጊ ኣካል እዩ።[36] ኣብ ኢትዮጵያ ደያኑ ዝሽየሙ ብመሰረት ፌደራል ስርዓት ብፌደራል መንግስትን ብክልላዊ መንግስቲ ደረጃ ክኸውን ከሎ ብፌደራል ደረጃ ብፌደራል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ክኸውን ከሎ ብክልል ድማ ብክልል ቤት ምኽርታት እዩ። ስለዚ ፌደራል ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ንፌደራል ቤት ፍርድታትን ደያኑን፣ ናይ ክልል ቤት ምክርታት ድማ ናይ ክልሎም ደያኑኦም ስነ ምግባር ይቆጻጸሩ፣ ይቕረታ ዘይበሃሎ ጥሕሰት ሕጊ ተፈጺሙ ክርከብ ከሎ ናይ ደያኑ ሹመት ይሰርዙ።[37] እዞም ናይ ህዝቢ ከምናተይ ቤት ምኽርታት ናይ ቤት ፍርድታት ኣጠቓቕማ ባጀትን ናይ ቤት ፍርድታት ምንቅስቓስ ስራሕ ኣብ ዝቐርቡሎም ጸብጻባት ብምምርኳስ ነቶም ትካላት ክቆጻጸሩ ይኽእሉ።[38]

ደያኑ ከም ዝኾነ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛን ናይ መንግስቲ ተሸየምቲ ናይ ወንጀል ሕጊ ተመሓላሊፎም ምስ ዝርከቡ ብወንጀል ይኽሰሱ፣ ገበነኛታት ኮይኖም ምስ ዝርከቡ መቕጻዕቲ ይብየነሎም። ደያኑ ስልጣኖም ብዘያገባብ ክጥቀሙ የብሎምን፣ ደያኑ ናይ ህዝቢ ኣገልገልቲ እምበር ተገልገልቲ ኣይኮኑን።[39] ናይ ዳንነት ስልጣን ህዝቢ ንምግልጋል ክጥቀሙ ኣለዎም እምበር ንናይ ግሊ ድለታቶምን ጥቕሞምን መንቀሳቐሲ ክጥቀሙሉ ዘይብሎም ምኳኑ ንካልኢት ክዝንግዑ የብሎምን።[40] ነዚ ብምዝንጋዕ ፍትሒ ብጥቕሚ ብምሻጥን ምልዋጥን ናይ ዳንነት ስራሕ ክብሪ ዘውርዱ ደያኑ ምስንባት ጥራይ ዘይኮነ ብመሰረት ሕጊ ብወንጀል ክሕተቱ ኣለዎም።[41] ካብዚ ንላዕሊ ዘለዉ ግበናት ብዝምልከት ቤት ፍርድታት ብዘለውን ኣሰራርሓ መሰረት ካልኦት ናይ ዲሲፕሊን ስጉምትታትን ብምውሳድ ናይ ዳንነት ስነ ምግባር ታሓታትነት መትከል ከረጋግጻ ይግባእ።

---

35 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሒ ኣካላት ማእከል ስልጠና ሞያውያን፣ ናይ ስልጠና ሞጁል ገጽ 39

36 መቕጸልታ

37 መቕጸልታ

38 መቕጸልታ

39 መቕጸልታ

40 መቕጸልታ

41 መቕጸልታ

## ናይ ዝርርብ ሕቶ

- ኣየናይ ናይ ደያኑ ናይ ስነ ምግባር ጸገም እዩ ብዝበለጸ ህዝቢ ኣብ ቤት ፍርዲ ዘለዎ እምነት ዘስእን? ንምንታይ? (10 ደቓቕ)

ደያኑ ኣብባመራርሓ ፍርድን ኣወሃህባ ውሳነን ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምኽባርን ካልኦት ከም ዘኽብሩ ምግባርን ዝግባእን ትጽቢት ዝግበረሎም ስራሕ ናይ ምስራሕ ሓላፍነት ኣለዎም። ገለልተኛ። ግሉጽነት ዘለዎ፣ሚዛናውን ቅልጡፍ ፍትሒ ንምሃብ ከኽእሎም ክክተልዎ ዝግባእ ቅኑዕ ናይ ፍርድን ናይ ድናነት ስነምግባራትን ክህልዉ ከምዝግባእ ዘተሓታትት ኣይኮነን።

በዚ መንገዲ ደያኑ ክከታተልዎ ዝግባእ ናይ ስነ ምግባር መትከላት ኣየኖት ምዃኖም ምስዞ ዝተተሓሓዘ ናይ ደያኑ ተዛማዲ ግደታትን ኣየኖት ምዃኖም ብዝርዝር ዝገልጽ ሕጊ ክዳሎ ዝግባእ ክኸውን ከሎ፣ ደያኑ ከኣ ነዚ ናይ ስነ ምግባር መትከላትን ተዛማዲ ግደታቶምን ዝሓዘ ሰነድ ከምዝረኽብዎ ምግባር የድሊ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ናይ ደያኑ ናይ ስነ ምግባር ሕጊ ስልጠናታት ተዳልዮም ግንዛቤ መጨበጢ ስርሓት ክሰርሑ ይግባእ። ካብዚ ዘይነኣኣስ ምናልባት ውን ቀንዲ ነገር ደያኑ ኣብ ዝወጽእ ናይ ስነ ምግባር መስርሕ ምውጻእ ሕጊ ቀጥተኛ ተሳተፍቲ ክግበሩ ይግባእ። በዚ እኳ ደያኑ ዝፈልጡዎን ዝተገንዘብዎን ዝተሳተፍዎን ናይ ስነ ምግባር ሕጊ ድሕሪ ምውጽኡ ኣኣብ ፍርዱ ተግባራዊ ምግባር ዝግብኦ ክኸውን ከሎ ብኣግባቡ እንድሕር ተተግቢሩ ቢት ፍርድታት ካብ ህዝቢ ዝሰኣንዎ እምነት ናይ ምምላስ ሓይሊ ይህልዎ እዩ።

ደያኑ ኣብ ስራሕ ንዘሎ ናይ ስነ ምግባር ሕግን ንሰናይ ናይ ፍርዲ ኣመራርሓን ኣወሃህባ ውሳነን ዘይምችኡ ገበን ኣብ ዝፍጽምሉ ግዜ ናይ ዲሲፕሊን ክሲ ቀሪብሎም፣ ዝቐረበሎም ክሲ ንምክሕሃስ እኹል ዕድል ተዋሂብዎም ገበነኛ ኮይኖም እንድሕር ተረኺቦም ብመሰረት ስነ ምግባርን ናይ ዲሲፕሊን ክሲ ስነ ስርዓት ሕጊ መቕጻዕቲ ክብየነሎም ይግባእ።

ኣብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዴ.ሪ ካብ ዝተቐመጡ መሰረታዊ ቅዋማዊ መትከላት እቲ ሓደ ተሓታትነት ክኸውን ከሎ እዚ ንምርግጋጽ ካብ ዝተዘርግሑ ስርዓታት ናይ ዲሲፕሊን ስርዓት ሓደ እዩ። እዚ ክኸውን ከሎ ኣብ ቅዋም ዓንቀጽ 79(4) ን 81(6) ደንጋገታት ምርኣይ እኹል እዩ። ቅዋም ምስ ናይ ዳንነት ናጽነት መትከል ብዝጥዓዓም መልክዑ ኣብ ደያኑ ናይ ዲሲፕሊን ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ስልጣን ናይ ጉባኤ ምምሕዳር ደያኑ ስልጣን ከምዝኾነ ብግልጺ ኣቐሚጥዎ ኣሎ።

ሓድሽ ዘውጽኦ ናይ ፌደራል ደኣይኑ ስነ ምግባርን ዲሲፕሊንን ስክ=ነ ስርዓት ክሲ ሕጊ ቁጽሪ 1/2013 ዓ.ም ናይ ስነ ምግባር መትከላትን ናይ ድሲፕሊን ገጋታትን ብዝርዝር ኣማሊኡ ሒዝዎ እሎ። እቲ ሕጊ ሓቅነት፣ ተኣማንነት፣ ግሉጽነት፣ ቅንዕና፣ምግልጋል ህዝቢ፣ ገለልተኝነት፣ ምኽባር ሕግን ካልኦት ዝርዝር ናይ ስነ ምግባር መትከላት ዘቐመጠ ክኸውን ከሎ ደያኑ ክገብርዎ ዝግብኦምን ዘይግብኦምን ናይ ስነ ምግባር መትከላት ብዝርዝር ወግዓዊ ገይሩ ኣሎ። እዘም መትከላት ብኩሎም ደያኑ ክኽበሩን ክትግበሩን ዝግብኦም እዮም።

ቤት ፍርድታትን ደያኑን ናይ ሓፈሻዊ ሕብረተሰብን መንግስትን እምነት ከትርፉ ዝኽእሉ ደያኑ ፍርዲ ኣብ ዝመርሑሉ ግዜን ፍርዲ ኣብ ዝህቡሉ ግዜን ወላ ውን ሓደ ዳኛ ካብ ሕብረተሰቡ ዝጥቀሞም ኣራያነት ዘለዎ ናይ ስነ ምግባር መትከላት ብምጥቃም ብኣግባቡ ተግቢሮም ክርከቡ ከለዉ እዩ።

እዚ ኣብ ዘይኮነሉ ግዜ ቤት ፍርድታት ብናታተን ናይ ውሽጢ ስራሕ ብምኽታል ጅናይ ዲሲፕሊን ስጉምቲ ክወስዳ ይግባእ። ካብኡ ዝሓለፈ ገጋ ክርከብ ከሎ ዳና ካብ ስራሕ ክባረርን ናይ ወንጀል ተሓታትነት ክመጾ ምግባር ይግባእ። እዚ እንተዘይኮይኑ ሕብረተሰብ ኣብ ቤት ፍርድታት እምነት ናይ ምስኣን ደረጅኡ ሓፍ ይብል እሞ ናይ ምፍራስ ሓደጋ ይገጥሞም። ናይ ብልሽውና ምስፍሕፋሕን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ምኻንን ቤት ፍርድታት ክፈርሳ ክገብረን ይኽእል።

ምስዚ ብምርእኣይ ኣብ ቅዋም ኢ.ፌ.ዴ.ሪ ብዛዕባ ተሓታትነት ብዝተመልከቶ ክፋል ናይ ዲስፕሊን ጉዳይ ብምምሕዳር ደያኑ ክረኣይ ምድንጋጉ፣ ቤት ፍርድታት ውን ናይ ስነ ምግባርን ዲሲፕሊንን ሕጊ ስን ስርዓት ክሲ[42] ምውጻእን ክረኣይ ከሎ ኣብ ናይ ሕጊ ቅጥዒ ዝጎልሐ ሽግር ኣሎ ንምባል ዘድፍር እኳ እንተኾነ ብቤት ፍርድታት ካብ ምስ ዝረኣዩ ናይ ስነ ምግባር ጉድለታት በዚ ኣገባብ መቕጻዕቲ ዝተመሓላለፈሎም ቁጽሪ ደያኑ ውሑድን ናይ ምምሃር ደረጅኡ ዝተሓተ ብምኳኑ ቤት ፍርድታት ካብ ሕብረተሰብ ክረኽብኦ ዝግባእ እምነት ተዓዊተናሉ ንምባል ኣይከኣልን።

## ናይ ዝርርብ ሕቶ

ናይ ዳንነት ናጽነት ዝረጋገጽ ደያኑ ስርሖም ብናጽነት ክሰርሑ ከለዉ እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ገዚኢ መትከል ኮይኑ ከሎ ደያኑ ተሓተትቲ ክኾኑ ይግባእ ምባል ግቡእ ምኳኑን ዘይምኳኑን ብዝርዝር ኣረድእ?

42 ናይ ፌደራል ደያኑ ናይ ስነ ምጋብርን ዲሲፕሊንን ሕጊ ንሰ ስርዓት ክሲ ቁጽሪ 1/2013 ዓ.ም

# ሞዕራፍ ሰለስተ

## ጥቕምታት መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ምፍላጥ

እዚ መሰልጠኒ ክፋል ማንዋል ብቐንዲ ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ንምፍላጥ ኣድላይነት ካብ ምግላጽ ንላዕሊ፣ ሓበሬታ ናይ ምልውዋጥ ተጋብሩ ዘምጽኦም ጥቕምታት የረድእ።

እዚ ስልጠና ብኣግባባኡ ዝተኸታተለ ሰልጣኒ፥

- ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ምፍላጥ ዝግባእ ምዃኑ ይግንዘብ።
- ቤት ፍርድታት ኣብ ተግባር ምልውዋጥ ሓበሬታ ከካይድኦ ከለዋ ዝረኽብኦ ጥቕሚ ይርዳእ።

ሕጂ ዘሎ ናይ ዓለም ጨቡጥ ኩነታት በዓል ብዙሕ ክፋል መግለጺ ዘለዎ ኮይኑ፣ ካብዚኦም ዓለም ናብ ሓንቲ ቁሸት እና ተቐየረት መጺኣ ኣላ ዝብል ኣተሓሳስባ ገዛኢ እና ኾነ መጽዩ ኣሎ። በዚ መሰረት ዓለም ናብ ሓንቲ ቁሸት ተቀይራ ኣላ ኪበሃል ከሎ ብቐንዱ ናይ ሓበሬታ ምትሕብባርን ምትሕልላፍን ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካልእ ኣከባቢ ብፍጥነት እናተመሓላለፈ ይርከብ ዝብል ሓሳብ ዘጣምር እዩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኢሉ ዝተለወጠ ናይ ዓለም ኩነታት መንግስቲ ኣብ ዘለውዎ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝሰርሖ ስራሕን ዘጋጠሞ ኩነታትን ብፍላይ ንናይ መሻርኽቲ ኣካልት ከምኡ ውን ከም ኣድላይነቱ ንሓፋሽ ህዝቢ ንምግላጽን ሓበሬታ ንምብጻሕን ይግደድ። ካብዚ ዝተላዕለ መራኸቢ ብዙሃን ከም ራብዓይ ናይ መንግስቲ ኣካል ኮይነን ናይ ምቖጻር ሓሳብ ክዉን ከምዝኸውን እክኢለን እየን።

ዓለም ኣብዚ ሰዓት ዘላቶ ሓበሬታ ናይ ምልውዋጥ ዘመን ትካላት ስርሐን ንህዝቢ ከየፋለጣ ጽቡቕ ዝኾነ ገጽታ ንምህናጽ ይኽእላ እየን ኢልካ ምሕሳብ ኣይከኣልን። ካብዚ ብምብጋስ ናይ ዳንነት ኣካል ውን ዝተፈልየ ኣይኮነን። ከምዝፍለጥ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ፌደራል ሰለስተ ናይ መንግስቲ ኣካላት ዘለዉ ኽኾኑ ከለዉ ንሳቶም ድማ ኣውጻኢ ሕጊ፣ ፈጻሚ ሕግን ተርጓሚ ሕግን እዮም። ካብ ውሽጢ እዞም ሰለስተ ናይ መንግስቲ ኣካላት ብእንጻራውነት ፈጻሚ ሕግን ኣውጻኢ ሕጊ ናይ መንግስቲ ኣካላት ብዝሓሸ ኩነታት ንህዝቢ ነብሶም ዘፋልጡ ክኾኑ ከለዉ፣ ተርጓሚ ሕጊ ዝኾነ ናይ ዳንነት ኣካል ግን ንብዙሕ ዓመታት ብህዝቢ ዘይፍለጥን ከምኡ ውን ግጉይ ናይ ህዝቢ ኣረኣእያ ከአንግድ ጸኒሑ።[43]

---

43 ቤት ፍርድታትን ናይ ዓቃቢ ሕጊ ሰበ ስልጣን ንመገናኛ ብዙሃንን ህዝብን ሓበሬታ መለዋወጢ መምርሒ፥ መበል 31 ሲኢፒ ኢጀ ቀዋሚ ኣኼባ ታሕሳስ 3ን4ን 2018: ስትራስበርግ

## 3.1 ኣድላይነት ምልውዋጥ ሓበሬታ

ዓለም ኣብዚ ሰዓት ዘላቶ ዘመን ሓበሬታ ምልውዋጥ ትካላት ዝህብኦም ኣገልግሎታት ንመሻርኽቲ ኣካላትን ንህዝብን ናይ ምፍላጥ ናይ ቀጥታን ተዘዋዋርን ግደታታት ዘለዎም ክኸውን ከሎ ምስዚ ክረኣኣይ ከሎ ቤት ፍርድታት ዝገብርኦ ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ንመሻርኽቲ ኣካላትን ሕብረተሰብን ምፍላጥ ይግብአን። እዚ ከይገበራ ከም ሕሉፍ ግዜ ዓጽየን ካብ ዝኸስብኦ ዘጋጥመን ብድሆታት ይበዝሑ። ቤት ፍርድታት ዘውጽእኦም ናይ ምምሕያሽ ፖርግራማትን ዘተግብርኦም ተግባራትን ንሕብረተሰብ ብዝግባእ ኩነታት ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ እንተዝገብራ ሕብረተሰብ መሰል ናይ ምኽባርን ግደታታት መፈጸሚ ትኽክለኛ ስፍራታት ገይሩ ምወሰደን፣ ዝበዝሐ ክፋል ቤት ፍርድታት ፍትሒ ናይ ምሃብ ሓላፍነተን ብኣግባቡ ክውጽኦ ዝብል እምነት የሕድር፣ እዚ ናይ ቤት ፍርድታት ተቐባልነት ሓፍ የብሎ።

## 3.2 ምምላስ እምነት ቤት ፍርዲ

ኣብ ኢትዮጵያ ቤት ፍርድታት ንነዊሕ ዓመታት ናይ መንግስቲ ፈጸሚ ሕጊ ኣካል ታልቃ ምእታው፣ ንናይ ዳንነት ኣወሃህባ ኣገልግሎት ዕንቅፋት ዝኾኑ ሕግታት ምህላዎም፣ ምስ ምብዛሕ ፍሰት ጉዳያት ተታሒዙ እዚ ኣገልግሎት ብፍጥነትን ብጽፈትን ከተግብሩ ዝኽእሉ ደያኑ፣ ሕጽረት ተሓጋገዝቲ ደያኑን ድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታትን ከምኡ ውን ካልኦት ሽግራት ተደማሚሮም ንሕብረተሰብ ኣብ ቤት ፍርድታት ዘለዎ እምነት ከም ዝቕንስ ክገብርኦ ጸኒሑን። እዚ ናይ ህዝቢ እምነት ምቕናስ ንምምሕያሽ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝተፈላለዩ ናይ ምምሕያሽ ፕሮግራማት ተሓንጺጾም እኳ እንተነበሩ፣ ደረጅኡ ዝተፈላለየ እኳ እንተኾነ ናይ ምምሕያሽ ተግባር ውን ተፈጺሙን ይፍጸምን ኣሎ።

ቤት ፍርድታት ናይ ምምሕያሽ ፕሮግራማት ሓንጺጸን ናብ ስራሕ ምእታወን ኣብ ቅዋም ኣዛ ሃገር ዝተዋህበን ሕጊ ናይ ምትርጓም ስልጣን ብኣግባቡ ከተግብራ ይሕግዘን፣ ሕግን መርጥያን ትራህ መሰረት ገረን ፍርዲ ክህባ ይረድኣን፣ ስርሐን ብኣግባቡ ብናጽነትን ብገለልተኝነትን ክሰርሓ የኽእለን። እዚ ድማ ንሃገር ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ዕብየት ናይ ገዛእ ርእሱ ዘይነዓቕ ተራ ከምዝጻወቱ ይግበር። ይኹን ደኣ እምበር ቤት ፍርድታት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ፕሮግራማት ምምሕያሽ ፍትሒ ምሕንጻጽን ብዝኸኣላኦ መጠን ተግባራዊ ብምግባር ጥራሕ ህዝቢ ኣብ ቤት ፍርድታት ዝሰኣኖ እምነት ከምዝምለስ የኽእል ማለት ኣይኮነን። እኳ ደኣ ህዝቢ ብርግጽ ቤት ፍርድታት ናይ ምምሕያሽ ተጋብራት ኣብ ምፍጻም ከምዝርከባ ሓብሬታ ክበጽሖ ይግባእ። ንሕብረተሰብ ዝበጽሕ ናይ ቤት ፍርድታት ሓበሬታ ናይ ዳንነት ናጽነትን ገለልተኝነትን ብዘይዳፈር

ኩነት ዝግበር ምልውዋጥ ሓበሬታ ምስ ናይ ህዝቢ ቅዲ ናብራን ስነ-ልቦናን ምስ ዝሳነ ከምኡ ውን እቲ ዝግበር ምልውዋጥ ሓበሬታ ብተግባር ምስ ዘሎ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ምስ ዝሰማማዕ ሕብረተሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ቤት ፍርድታት ዘለዎ እምነት ምስእን ብምግዳፍ ቤት ፍርድታት ዜጋታትን ኣብዛ ሃገር ዝርከቡ ሰኣብት ናይ መወዳእታ መሰላቶም ዘኽብሩሉ ቦታ ኗሮም ይወስድዎ። ስልዝኾነ ድማ ቤት ፍርድታት ኣብ ዝትግብርኦ ምምሕያሻት ንሕብረተሰብ ብመልክዕ ሓበሬታ ከምዝፋለጡ ምግባር ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዝሰኣኖ እምነት ቀስ ብቕስ ንምምላስ ክኽእል ዝህግዝ ዓይነታት መሳርያ እዩ ኢልካ ምድምዳም ይከኣል።

እብ ላዕሊ ከምዝተገልጾ ናይ ኢትዮጵያ ቤት ፍርድታት ብፍላይ ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ዘለውኦ ኩነታት ክንግምግም ከለና ካብ 2003 ክሳብ 2010 ዓ.ም. ዝተሓንጸጸ ፕሮጀክት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ቤት ፍርድታት ዝነበረ ኮይኑ ብመሰረት እዚ ፕሮጀክት ምስ ካልኦት ናይ ፍትሒ ኣካላት ብምትሕብባር ናይ ፍትሒ ሰሙን ብምኽባር ናይ ቤት ፍርዲ ስራሕ ንሕብረተሰብ ምፍላጥ ተፈቲኑ እዩ፣ ብናይ ሬድዮን ተለቪዥን መደባት ናይ በኢት ፍርዲ ሞያውያን እናቐረቡ ካብ ህዝቢ ንዝቐርቡ ሕቶታት መልስን መብርህን ብምሃብ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ተግይሩ፣ ከምኡ ውን ሕብረተሰብ ኣብ ሕጹያት ተመልመልቲ ደያኑ ርእይቶታት ክህብ ክግበር ጸኒሑ።[44]

እዞም ስርሓት ናብ መደበኛ ስራሕ ተቐይሮም ኣብ ምትጋብር ምህላዎም ኣተባባዒ እኳ እንተኾነ፣ ሕብረተሰብ ተሳትፎ ዝገብረሎም መድረኻት ውሱናት ብምኳኖም ውሕሉል ውጽኢት ኣየምጽኡን።[45] ካብ 2010 ዓ.ም. ንደሓር ስራሓት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ መስርሕ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምስ እንምልከት ድሕሪ ሓድሽ ናይ ኣመራርሓ ለውጢ ምግባሩ ካብ ምስ ናይ ቤት ፍርድታት ውሽጢ ማሕበረሰብ ተደጋጋሚ ዝርርብ ዝተገብሩ ኮይኖም፣ እዞም ዝርርባት ንህዝቢ ንምፍላጥ ተፈቲኖም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ቤት ፍርድታት ዝካየዱ ዘለዉ ኩነታትን ተግባራትን ከምኡ ውን ኣፈጻጽማታት ብጋዜጣዊ መግለጺ፣ ቃለ መሕትት፣ ብጸብጻብ፣ ብማሕበራዊ ሚዲያን ብመደበኛ መራኸቢ ብዙሃን መንገድታት ብምጥቃም

---

44 ናይ ፌደራል ናይ ፍትሕን ሕግን ምርመራ ከምኡ ውን ኢንስቲትዩት ስልጠና፣መደብ ምምሕያሽ ፍትሒ ኣብ ትካላት ፌደራል ዘለዎ ደረጃ ንምፍላይ ዝተገብረ ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ፣ 2011 ዓ.ም. ገጽ 35

45 መቐጸልታ

ንሕብረተሰብ ናይ ምብጻሕ ስርሓት ተኻይዶምዮም። እዚ ድማ ቤት ፍርድታት ዝሰኣንኦ ናይ ህዝቢ እምነት ኣብ ምምላስ ዝግበር ኣስተዋጽኦኡ ግሉሕ እዩ።

ብሓፈሻ መደባትን ናይ ለውጢ ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ናይቲ በኢት ፍርዲ ፍሉይ ባህሪ ግንዛቤ ብምውሳድ ንሕብረተሰብ ሓበሬታ ምሃብን ናይ ሓበሬታ ምልልውዋጥ ምግባርን ቤት ፍርድታት ዝሰኣንኦ ናይ ህዝቢ እምነት ንምምላስ ዘኽእለን ቀዳማይ መንገዲ እዩ ኢልካ ኣብ መደምደምታ ክብጻሕ ይከኣል።

## ናይ ዝርርብ ሕቶታት

- ምምሕያሽ ፕሮግራማትን ናይ ለውጢ ተግባራትን ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ምፍላጥ ውጽኢታዊ ዝኾነሉ እንታይ እንታይ ምስ ዝማላእ እዩ? ብዝርዝር ኣረድእ?
- ምምሕያሽ ፕሮግራማትን ናይ ለውጢ ተግባራትን ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ምውዕዋዕ ኣብ ቤት ፍርድታት ዘምጽኦ ግቡእ ዘይኮነ ጸቕጢ እንድሕር ኣሎ ብዝርዝር ኣረድእ?

## 3.3 ምኽባር ጥቕሚ ቤት ፍርድታት

ምምሕያሽ ፕሮግራማትን ተግባራትን ፍትሒ ብእኹል ኩነታት ምልውዋጥ ሓበሬታ ብምግባር ንህዝቢ ምፍላጥ ንቤት ፍርድታት ዓውደ ብዙሕ ጥቕምታት ዝህልዎም ክኸውን ከሎ ካብቶም ጥቕምታት ብኻልኦት ናይ መንግስቲ ኣካላት ዓይኒ ዝተኸብረን ብስልጣን ዝተመዓራረየ ናይ ቤት ፍርዲ ትካል ንምህናጽ የኽእል፣ ናይ ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላት ምትሕብባር ድጋፍ ብምርካብ ካልኦት ናይ ቤት ፍርድታት ሰራሕተኛታት ዘለዎም ሕጽረት ምቹእ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ደሞዝን ካልኦት ጥቕምታት ዘይምኽባር፣ ብፍላይ ብፈጻሚ ኣካል ዝህሉ ዘየድሊ ጣልቃ ምእታው ንምውጋድን ንምጽዋርን ጽቡቕ እጋጣሚ ይፈጥር። ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጸገማትን ካልኦት ንናይ ምምሕያሽ ተግባራት ቤት ፍርድታት ዘገልግሉ ንብረታት ንምምላእ ክከኣል ቤት ፍርድታት ንኣካል ኣውጻኢ ሕጊ ዘቕርብኦ ናይ ባጀትን ካልኦት ሕቶታትን ብቐሊሉ ከጽድቕ ይሕግዞም።

ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ምፍላጥ ዘምጽኦ ካልእ ጥቕሚ ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነትን ገጽታን ብቀጻልነት ትካላዊ መሰረት ክህልዎ ብዝገብር መልክዑ ክሕሎ ምግባር እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ሕጊ ፈጸምቲ ኣካል ዝኾኑ ፖለቲከኛታትን ሓለፍቲ ስራሕን ናይ ቤት ድርዲ ናጽነት ብዝጻረር ኣቃውማ ኣብ ሓደ

ጉዳይ ወይ ብሓፈሻ ናይ ቤት ፍርዲ ትካላት ኣብ ስራሕ ኣሉታዊ ርእይቶታት ናይ ምሃብ ኣንፈት ይረኣዮም።[46] ዝህብኦ ርእይቶን ግቡእ ዘይኮነ መግለጽን ንህዝቢ ተባጻሕቲ ኣብ ዝኾኑ መራኸቢ ብዙሃን ክቐርቡ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ እምነት ህዝቢ ኣብ ቤት ፍርድታት ናይ ምብሕዓግ ሓይሊ እለወን። ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥን ስራሕን ንህዝቢ ናይ ምፍላጥ ባህሊ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ብፈጻሚ ኣካልን ሰበ ስልጣንን ብካልኦት ፖለቲካውያን ዝተነግረን ዝተገልጸን ሓበሬታ ምስ ሕጊ፣ ኣሰራርሓን እምነትን ክነጻጸር ከሎ መሰረት ዘይብሉ ምዃኑ ንህዝቢ ግልጺ ብምግባር ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ዝዝንቢ ዝነበረ ናይ በኢት ፍርዲ ናጽነትን ጽቡቕ ገጽታ ናይ ምጥሓስ ኩነታት ብጣዕሚ ናይ ምቕያር ዓቕሚ ይህልዎም።

ምስ'ዚ ብዝትሕሓዝ ክሳብ 2010 ዓ.ም. ዘሎ ናይ ቤት ፍርድታት ሓበሬታ ምልውዋጥን ንህዝቢ ናይ ምፍላጥ ስራሕ ንእሽተይ ብዝበሃል መልክዑ ዝርከብ ኮይኑ፣ ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ፖለቲከኛታት ናይ ቤት ፍርዲ ስራሕ ብዝምልከት ዘይግቡእ ርእይቶታት ክህቡ ብፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ህዝባዊ ርክባት ዳይረክቶሬት ዝግባእ መአረምታ ክወሃብ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ንህዝቢ ከምዝበጽሖ ናይ ምግባር ተግባር ክትግበር ይርአ።

ኣብ ቅዋምን ኣብ ካልኦት ሕግታት ከምዝተቐመጠ ከልም ሳልሳይ ኣካል መንግስቲ ክረኣይ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብተግባር ዝግለጹ ቁመና ከምዝህልዎም ንምግባር ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ምስራሕ ኣድላዪ ምዃኑ ብምእማን ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ብቐጥታ ዝሳተፋሉ ናይ ምኽክርን ምፍላጥን ስርሓት ምስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ። እዞም ምምሕያሻት ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነትን ጥቕምን ኣብ ምሕላው ዘለወን ፋይዳ ብቐሊሉ ዝረኣይ ብዘይምዃኑ ክተባባዕ ይግብኦ።

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

---

46 ቤት ፍርድታትን ሰበ ስልጣን ዓቃቢ ሕጊ ንመራኸቢ ብዙሃን ን ህዝብን ሓበሬታ ምልውዋጥ መምርሒ፥ መበል 31 ሲኢፒኢጀ ቀዋሚ ኣኼባ ታሕሳስ 3ን4ን 2018: ስትራስበርግ

## ምውዕዋዕ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታትን ተራ ናይ መሻርኽቲ ኣካላት

ምፍላጥ መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብፍላይ ኣብዚ ዘመን ኣድላይነቱ ኣይተሓትትንዩ እንተተባሂሉ ናይ ሃበሬታ ምልልውዋጥ ብዝምልከት ቤት ፍርድታት ንበየነን ዝዓይኦ ተግባር ብዘይምኧኑ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ኣካላት ኣብዚ ተግባር ኣቓልበ ብምግባር ክሳተፉ ይግባእ። ካብዚ ብምብጋስ መሻርኽቲ ኣካላት እንታይ ዓይነት ተራ ይጻወቱ ንዝብል ክንርኢ ክንፍትን።

ሰልጠንቲ ነዚ ክፋል ብንቕሓት ምስ ተኸታተሉ፣

- ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ንሕብረተሰብ ብምፍላጥ ናይ ሲቪል ማሕበረሰብ ትካላት ኣስተዋጽኦ ንምፍላጥ ይረድእ።
- መራከቢ ብዙሃን ዝህልወን ደሃን ዝኾነ ኣስተዋጽኦ ይትንትን፣ ዘምጽእኦ ኣሉታዊ ጸቕጢ ከኣ ይምርምር።
- ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ ተግባራት ንህዝቢ ክበጽሑ ብምግባር ክሰርሑ ዝግብኦም ስርሓት ይግንዘብ፣

## 4.1 ተራ ትካላት ሲቪክ ማሕበረሰብ

ምፍላጥ መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብቤት ፍርድታት ጥራሕ ክስራሕ ብምግባር ዝተደልየ ለውጢ ምምጽእ ይከኣል ኢልካ ኣይህሰብን እዩ። ሓበሬታ ምልውዋጥን ስራሕ ህዝባዊ ርክባትን ናይ ሓደ ወገን ናይ ግሊ ተግባር ጥራሕ ዘይኮነ ብባህሪኡ ናይ ብዙሓት መሻርኽቲ ኣካላት ርብርብ ዝደሊን ሰፊሕ ዝተሓላለኸ ተግባር እዩ።

ምምሕያሽ መደባትን ተጋብራትን ቤት ፍርድታት ንመሻርኽቲ ኣካላትን ንሓፋሽ ማህበርሰብ ተባጻሒ ንምግባር ብመጀመርያ ፕሮግራም ቤት ድርፍታት ምፍላጥ ይግባእ ወይስ ኣይግባእን ካብ ዝብል ሕቶ ጀሚርካ ህዝባዊ ርክባትን ናይ ምፍላጥ ተግባራት ክስርሑ ተባሂሉ እንድሕር ተወሲኑ ፍሉይ ባህሪ ናይ ቤት ፍርድታት ኣብ ግምት ብምእታው ብመሰረቱም ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ገለልተኝነትን ብሓደ ወገን ግሉጽነትን ናይ ተሓታትነት መትከል ብካልእ ወገን ብምቕማጥ ምዛኑ ብዝሓለወ ኩነታት ክሰርሑ ዝተፈላለዩ ስትራተጅታትን ሜላታትን ምህናጽ የድሊ። እዘ ተግባራት ቤት ፍርድታት ደጊመን በይነን ካብ ዝሰርሕኦን

ቤት ፍርድታት ከም ዋናታትን መራሕትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ተሳተፍቲ ክኾኑ ብምግባር እንተዝስራሕ ጥቕሙ ዓቢ እዩ።

መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዝድለ ውጽኢት ንምምጻእ ዝኽእለን ነገራት ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ሓደ ክኸውን ከሎ ስራሕ ኣካል ዳንነት ኣብ ሓደ ረፍዲ ዝትግበር ተግባር ብዘይምዃኑ ምስ መሻርኽቲ ኣካላትን ሕብረተሰብን ተኸታተልቲ ዝርርባት ናይ ህዝባዊ ርክባት መደረኻት ምግባር ይሓትት። ከምዝፍለጥ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ብዝተፈላለዩ ዓውድታትን ብዝተፈላለዩ ኣወሃህባ ኣገልግሎታት ገዛ ርእሰን ብምድላው ዝምስረታ ክኾና ከለዋ ካብዚ ውሽጢ ብሓፈሻ ናይ ሕብረተሰብ ንቕሓተ ሕልና ሓፍ ንምባል ብምምሃር ስራሕ ዝሰተፉ ይርከብዎም።

ቤት ፍርድታት ውን ብፍላይ ብሰብኣዊ መሰላት፣ ልዕልና ሕጊ፣ ዴሞክራሲን ካልኦት ተተሓሓዝቲ ጉዳያት ምስ ተጠርኒፎም ካብ ዝርከቡ ናይ ሲቪል ማሕበረሰብ ትካላት ምስ ዝግበሩ ርክባት ናይ ህዝባዊ ርክባትን ሓበሬታ ናይ ምልውዋጥ ተግባር ናጽነት ቤት ፍርድታት ብምሕላው ሓቢረን ክሰርሃ ዝኽእላሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ። በዚ መንገዲ ትካላት ሲቪል ማህበረሰብ ዝውክልኦ ናይ ማሕበረሰብ ክፋል ብምህላዉ ንቤት ፍርዲ ከም መሻርኽቲ ኣካላት ዝረእዩ ምስ ዝኾኑ፣ ብኻልእ መንገዲ መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርዲ ንማህበረሰብ ኣብ ምፍላጥ ኣብ ዝግበሩ ተሳትፎ ከም መሻርኽቲ ዝረእዩ እዮም።

ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብምድላው፣ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ብምስራሕ፣ ንስራሕ ህዝባዊ ርካባት ዘድልዮ ሃብቲ ብምእካብ ዓይነታዊ ተራ ይጻወቱ። መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ከምዝፋለጥ ካብ ምግባር ንላዕሊ፣ ካብ ካልኦት ናይ መንግስቲ ኣካላት ዝወጽእ ዘይግቡእ ጣልቃ ምእታው ጸቕጢ ብምክልኻል ብፍላይ ናይ ሞያ ማሕበራትን ስርሖም ምስ ሕጊ ዝተኣሳሰረትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ዝረኽብኦም ናይ ህዛባዊ ርክባት መድረኻት ብምጥቃም ናይ ባዕሎም ኣስተዋጽኦ ከበርክቱ ይኽእሉ። ኣብ ውሽጢ ቤት ፍርዲ ዘለዉ ናይ ሰናይ ምሕደራ ጸገማት ብዘለወን ላዕለዎት ሞያውያን ሕብረተሰብ ብምስታፍን ዝግባእ መጽናዕቲ ብምስራሕ፣ ናይ መጽናዕቶም ውጽኢት ንቤት ፍርድታትን ንመሻርኽቲ ኣካላትን ብምቕራብ ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ብግዚኡ ከምዝውሰዱ ንምኽኣል ዘለዎም ጥቕሚ ኣዝዩ ዓቢ እዩ።

ናይ ሲቪክ ማሕበረሰብ ትካላት ቤት ፍርድታት ብናይ ባዕለን ህዝባዊ ርክባት ቤት ጽሕፈት መንገዲ ዝሰርሕኦም ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ተግባራት ብሓሳብ ይኹን ሃብቲ ኣብ ምእካብ ሓገዝቲ ብምዃኖም ቤት ፍርድታት ናይ ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ብዝምልከት ከም ሓደ ናይ ውሽጢ መሻርኽቲ ኣካል ተገይሮም ክሕሰቡ ይግባእ። ምስዚ ብምንጽጻር ብፍላይ ካብ 2010 ዓ.ም. ንደሓር ሃገርና ምምሕያሽ መደባትን ተግብራትን ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ክፋለጥ ክኽእል ምስ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ብሓደ እናሰርሑ ከምዝርከቡ ናይ ቤት ፍርድታት ናይ 2011,2012, ከምኡ ውን 2013 ዓ.ም. ዓመታዊ ናይ ተጋብራት ጸብጻብ ብምርኣይ ምግንዛብ ዝከኣል እዩ። እዚ ደልዲሉ ክቕጽል ዘለዎ ጽቡቕ ጅማረ እዩ።

## 4.2 ኣስተዋጽኦ መራኸቢ ብዙሃን

ናይ ቀደም ግዜ ቤት ፍርድታት ገዛእ ርእሰን ንሕብረተሰብ ብምግላጽ ናይ ሓበሬታ ልውውጥ ንምግባር ድልውነት ዘይብሎም ምዃኑ፣ እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ህዝቢ ካብ ቤት ፍርድታት ዝረኽቦ ኣገልግሎት ምልውዋጥ ሓበሬታ ይገበር ኣይገበር እንኮ ኣገልግሎት ወሃብቲ ቤት ፍርድታት ብምዃነን ምርጫ የብሉን ዝብል እምነት ብምንባሩ፣ ደያኑን ካልኦት ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ ንክጸንሑ ናይ ግድን ብህዝቢ ምምራጽ ዘየድልዮም ብምዃኑ፣ ከምኡ ውን ቤት ፍርድታትን ደያኑን ዝግበረሎም ትጽቢት ንሕጊ ብማዕረን ፍትሓውነት በምትርጓም ዘሎ ፍልልይ ውሳነ ምሃብ ኣምበር ዝግበርዎ ምምሕያሻትን ዝሰርሕዎ ስራሕ ንህዝቢ ምፍላጥ ኣይኮነን ዝብል ልዑል እምነት ምንባሩ እዩ።[47] ካብዚ ዝተላዕለ ቤት ፍርድታት ካብ ካልኦት ናይ መንግዝቲ ኣካላት ክረኣይ ከሎ ንመራኸቢ ብዙሃን ገዛእ ርእሰን ዓጽየን ጸኒሐን።

ይኹን ደኣ እምበር ኣብዚ ሰዓት ዘሎ ናይ ዓለምና ጭቡጥ ኩነታት ቤት ፍርድታት ዝገብርኦም ምምሕያሻትን ዝህብኦም ፍርድታትን ኣብ ህዝቢ እምነት ዝግበረሉ ኮይኑ ክርከብ ናይ ግድን ምስ መራኸቢ ብዙሃን ምስራሕን ምስ ህዝበን ዝግባእ ምልውዋጥ  ሓበሬታ ክገብራ ትጽቢት ይግበረለን። ካብዚ ዝተላዕለ ኣብዚ ሰዓት ስዒሩ ዝወጸ ኣተሓሳስባ መራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርድታት ኣጋር እምበር ተቐናቓኒ ኣይኮኑን ዝብል እዩ።

---

47 ቤት ፍርድታትን ሰበ ስልጣን ዓቃቢ ሕጊ ንመራኸቢ ብዙሃን ን ህዝብን ሓበሬታ ምልውዋጥ መምርሒ፥ መበል 31 ሲኢፒኢጀ  ቀዋሚ ኣኼባ ታሕሳስ 3ን4ን 2018: ስትራስበርግ

መራኸቢ ብዙሃን ቤት ፍርድታት ዝግብርኦም ናይ ምምሕያሽ ፕሮግራማትን ተግባራትን ንብዙሃን ናይ ሕብረተሰብ ክፋል ክፍለጥ ምኽኣል ሓበሬታ ናይ ምልውዋጥ ተርአን ዝገብራ ትካላት ከም ምኳነን መጠን ቤት ፍርድታት እዚ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ጥቕሚ ንምርካብ ምስ ጋዜጠኛታትን መራኸቢ ብዙሃን ዝሓሸን ኣብ መትከል ዝተመርኮሰ ርክብ ክህልዎም ይግባእ። መራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ መደባትን ተግባራትን ንህዝቢ ካብ ምፍላጥ ንላዕሊ ኣብ ቤት ፍርድታት ዝረኣዩ ሕጽረታት እምነት ህዝቢ ዝቕንሱ ተግባራት ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነት ብዘይዳፈር መልክዑ ናይ ምግላጽ ስራሕ ብምስራሕ ንሰናይ ምሕደራን ህንጸት ዴሞክራስያዊ ስርዓት ናይ ባዕለን ልዑል ተራ ይጻወታ።

## 4.3 ምልውዋጥ ሓበሬታን ተራ ቤት ፍርድታትን

ቤት ፍርድታት ዘውጽእኦም ናይ ምምሕያሽ መደባትን ዝትግብርኦም ተግባራትን ብዝምልከት ምስ ህዝቢ ምልውዋጥ ሓበሬታ ብምግባር ዝለዓለ ኣስተዋጽኦ ምብርካት ጥራይ ዘይኮነ ናይቲ ጉዳይ ቀንዲ በዓል ቤት ካብ ምኳነን ዝተላዕለ ናይ መሪሕነት ተርአን ክጻወታ ይግባእ። ቤት ፍርድታት ብዘዕባ ትካለን ግዝያዊ ኩነታትን ናይ መጻኢ መደብ ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ንሕብረተአስብ ሓበሬታ ከብጽሓ ይግባእ። ቤት ፍርድታት ብፍላይ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ሓበሬታ ብምሃብ ገዛእ ርእሰን ከላልያ ግቡአን ክኸውን ከሎ ብፍላይ ህንጻ ቤት ፍርድታትን ምስኡ ዝተሓሓዝ ናይ ትሕተ ቅርጺ ጉዳያት፣ ብዓቕሚ ሰብን ብባጀትን፣ ብፍሰት መዝገብን ምምሕዳርን፣ ብምሺም ደያኑ፣ ብናይ ቤት ፍርዲ ናጽነትን ገለልተኝነትን ኣብ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዝግበሩ ለውጥታት ንሕብረተሰብ ብዝግባእ ምፍላጥን ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ምግባርን ሓላፍነት ዘለውን ምኳኑ ነዚ ግዴትአን ምስዘርግሕኦ ዝሓሸ ቅርጽን ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ብምኳን ብብቕዓት ከተግብርኦ ዝግባእ ጻዕሪ ክገብራ ትጽቢት ይግበረለን።

ካብ ጠቕላላ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሻት ፕሮግራማትን ተግባራትን ቤት ፍርድታት ብተወሳኺ ቤት ፍርድታት ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት መሻርኽቲ ኣካላት ንሕብረተሰብ ኣብ ዘብጽሕኦ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ክዕረዩ ዝግብኦም ጉዳያት ክዕረዩ፣ ካብ ጸብጻብ ኣተሓሕዛን ምስኡ ዝተሓሓዙ ጉዳያት ብዝፍጠር ጌጋ ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ገለልተኝነትን ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣቱ ተባሂሉ ክሕሰብ ቤት ፍርድታት ብዘለውን ልዑል ሓልፍነት ናይቲ ትካል ናጽነት ንምሕላው ክበሃል ንሕብረተሰብ ቅኑዕ ሓበሬታ ብምሃብ ናይ ቤት ፍርድታት ጽቡቕ ገጽታ ክሕሎ ይከኣል። ኣብ ዝተላዕለ ጉዳይ ናይ ምምሕያሽ መደባትን ፕሮግራማትን እንተለዉ ንሕብረተሰብ ምውዕዋዕ ይከኣል።

መራኸቢ ብዙሃን ንሕብረተሰብ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ተልእኾአን ኣብ ዝትግብራሉ ግዜ ካብ ዝህልውወን ሕጽረታት ዝተላዕለ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸሳሲ ኮይኑ ዝቐረበ ሰብ ንጹህ ኮይኑ ናይ ምምዓት መሰል ኣብ ዝጎድኡሉ ግዜ፣ ከምኡ ውን ጉዳዩ ኣብ ምርኣይ ዘለዉ ደያኑ ካብ ካልኦት ናይ መግስቲ ኣካላት ወይ ካብ ሳልሶት ወገናት ጥዑይ ዘይኮነ ጣልቃ ምእታው ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ቤት ፍርድታት ናጽነተን ንምሕላው ክብላ ምስ ሕብረተሰብ ሓበሬታ ምልውዋጥ ብምግባር ዝመጽእ ጸቕጢ ደው ንምባል ወይ ንምቕናስ ይኽእላ።

ነውጺ ምልውዋጥ ሓበሬታ ብብዙሕ ምኽንያታት ዝፍጠር ኮይኑ ምስ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዘይግቡእን ዝተጋገየ ምስሊ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት ክሰርጹ ዝገብሩ ሓበሬታታት ኣብ ዝፍነውሉ ግዜ፣ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ቤት ፍርድታት መጥቃዕቲ ክፍጽም ኣብ ዝትስኣሉ ግዜ፣ ሕብረተሰብ ኣብ ደያኑ ጉድኣት ዘምጽእ ነገር ተሳታፊ ንምኳን ኣንፈት ኣብ ዘርእየሉ ወቕቲ፣ ዝተረጋገጹን ዝፍለጡን ናይ ጉዳይ ኣተሓሕዛን ናይ መሪሕነት ጌጋታት ብመራሕቲ ቤት ፍርድታት ክትግበሩ ከለዉ፣ ናይ ቤት ፍርዲ ጽቡቕ ሽም ዘጥፍእ ነገር ብጋዜጠኛታት ክግበር ዝብሉ እቶም ዝጥቀሱ እዮም።

ከምዚ ኣብ ዝበለ ግዜ ቤት ፍርድታት ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ ተቐባልነት ዘለዎም ስልትታት ብምጥቃም ዘጋጠመን ወቕታዊ ኩነታትን ዝተወስደ መፍትሒ ሓሳብ ንሕብረተሰብ ብምግላጽ ሕብረተሰብ ቅኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ክበጽሖ፣ ብሕብረተሰብ ክግበሩ ዘለዎምን ዘይብሎምን ነገራት ከምዝፈልጡ ንምግባር ዝግባእ ሓበሬታ ብምብጻሕ ናይ ቤት ፍርዲ ትካላዊን ግለሰባዊ ናጽነትን ምሕላው፣ ኣብ ናይ ቤት ፍርዲ ተኣማንነት ምምላስ ዘኽእሉ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ተግባራት ብምስራሕ ቤት ፍርድታት ቀንድን ቀዳማይን ተራ ይጻወታ።[48]

## ናይ ዝርርብ ሕቶታት

ካብ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣርእስቲ ካብ ዝተገልጹ መሻርኽቲ ኣካላት ንላዕሊ ንፕሮግራማት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብምሕጋዝ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካኣልት እንተሃለዉ በዓል መን ከም ዝኾኑ ብዝርዝር ጥቐስ? ተርኦም ብዝርዝር ኣረድእ?

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

48 ቤት ፍርድታትን ሰበ ስልጣን ዓቃቢ ሕጊ ንመራኸቢ ብዙሃን ን ህዝብን ሓበሬታ ምልውዋጥ መምርሒ፣ መበል 31 ሲኢፒኢጀ ቀዋሚ ኣኼባ ታሕሳስ 3ን4ን 2018: ስትራስበርግ

## ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዘጋጥሙ ብድሆታት

ምስ ፈጻሚ ሕግን ኣውጻኢ ሕግን ክነጻጸር ከሎ ቤት ፍርድታት ብብግዚኡ ዝሕንጽጽኦ ናይ ምምሕያሽ ፕሮግራማት፣ ፕሮጀክታትን ዝፍጽምኦ ተግባራት ኣብ ሕብረትሰብ ክፍለጡ ዝገብር ዝስርሑ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ተግባራት ብጣዕሚ ትሑታት እዮም። ነዚእዕም ብምኽንያት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ብዙሓት ነገራት ዘለዉ ኮይኖም ሰልጠንቲ ነዚ ናይ ስልጠና ማንዋል ክፋል ምስ ወድኡ፡፡

- ናይ ቤት ፍርድታት ብድሆታት ምልውዋጥ ሓበሬታ መነ መን ከምዝኾኑ ይግንዘቡ።
- ናይ ቤት ፍርድታት ክፍሊ ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ዘይምብርታዕ ከመይ ኣቢሉ ብድሆ ምልውዋጥ ሓበሬታ ከምዝኸውን ይትንትኑ።
- ናይ ቤት ፍርድታት ሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ኣፍልጦ ሕጊ ምንኣስ ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ ዘለዎ ኣሉታዊ ጸቕጢ ይግንዘቡ።
- ብቤት ፍርድን ብደያኑን መራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነት ይዳፈሩ ዝብል ኣተሓሳስባ ምህላዉ ኣብ ልዕሊ ምልውዋጥ ሓበሬታ ዘለዎ ጸቕጢ የብርሁ።
- ቤት ፍርድታት፣ መራኸቢ ብዙሃንን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ዝሳተፍዎ ናይ ምርኻብ መድረኽ ምህላዉ ውጽኢታውነት ምልውዋጥ ሓበሬታ ዝህልዎ ጥቕሚ ይግንዘቡ።
- መራኸቢ ብዙሃን ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ንምስናድ ንምንታይ ድሌት ከምዘይብሎም ይርድኡ።
- ኣብ ትካላት መራኸቢ ብዙሃን ዝሰርሑ ጋዜጠኛታት ኣፍልጦ ሕጊ ዘይምህላዉ ንምልውዋጥ ሓበሬታ ብድሆ ምኳኑ ብዝግባእ የብርሁ።

## 5.1 ኣካል ስራሕ ዝኾነ ድልዱል ህዝባዊ ርክባት ኣብ ቤት ፍርድታት ዘይምህላው

ኣብ ኢትዮጵያ ቤት ፍርድታት ዘተግብርኦ ምምሕያሻትን ተግባራት ብናይ ባዕለን ናይ ህዝባዊ ርክባት መንገዲ ንሕብረተሰብ ኣብ ምብጻሕ ዘለወን ተመክሮን ልምድን ብጣዕሚ ትሑት እዩ። እዚ ዘይምኳኑ ብዙሕ ተደራራቢ ጸገማትን ምኽንያታት ዘለዉ ኮይኖም ካብዞም ሕጽረታት ሓደ ሓያል ዝኾነ ዳይረክቶረት ህዝባዊ ርክባት ዘይምህላዉ እዩ ኢልካ ክውሰድ ይከኣል። ናይ ፌደራል ቤት ፍርድታት ኩነታት ምስ እንምልከት እኳ ንብዙሕ ዓመታት ህዝባዊ ርክባት ክፍሊ ስራሕ ናይ ባዕሉ ዳይረክቶረት ሃልይዎ ስርሑ ከም ብዓል ቤት ክሰርሕ ዘኽእሎ ዓቕሚ ሰብ ብምምላእ ዝግባእ ስራሕ ክሰርሕ ኣይከኣለን። ስርሑ ድማ ብተደራብነት ብካልኦት ናይ

ስራሕ ክፍልታት ክሰርሕ ጸንሑ። ካብ ቀራብ ዓመታት ንደሓር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ፍርዲ ህዝባዊ ርክባት ስራሕ ዝሰርሑ ነኣሽቱ ናይ ስራሕ ክፍልታት ዝቖሙ ኮይኖም ብቐንዱ ክሰርሕዎ ዝጸንሑ ናይ ቤት ፍርድታት መጽሄት ምድላውን ንዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ክፍልታት ምብጻሕ፣ ናይ ቆጸራ መመዝገቢ ኣጀንዳታት ኣሕቲምካ ንደያኑ ምሃብ ዝኣመሰሉ ነኣሽቱ ስርሓት ነሮም።[49]

ብፍላይ ካብ 2010 ዓ.ም. ድንደሓር ናይ ፌደራል በኢት ፍርድታት ዳይረክቶረት ህዝባዊ ርክባት ኣብ ናይ ቤት ፍርዲ ዌብሳይት፣ ብቴሌግራም ቻነል፣ ብፌስቡክን ብመራኸቢ ብዙሃን መንገዲ ብዝሓሸ ኩነታት ንምዝርጋሕ ምንቅስቓስ ይገብሩ ኣለዉ። ይኩን ደኣምበር ቤት ፍርድታት ዘጋጠመን ምንቁልቋል እምነት ህዝቢ ማዕሪኡን ንምምላሱ ብዘኽእል መንገዲ ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ቤት ፍርድታት ዝሓዘ ሓበሬታ ብዝግባእ መንገዲ ተመሓላሊፎም ኣለዉ ኢልካ ምድምዳም የሸግር እዩ። ብፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ዝተመስረተ ዳይረክቶረት ህዝባዊ ርክባት ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ካብ 10 ዘይበዝሑ ሰራሕተኛታቱ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ስራሕ ብዝቐልጠፈን ብብቕዓትን ኣብ ምስራሕ ዘድሊ ውጽኢት ንምምጻእ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ንምግማት ኣሸጋሪ እዩ።[50]

ብተወሳኺ ናይ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ዳይረክቶረት ህዝባዊ ርክባት ምስ ፌደራል ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ምስ ናይ መጀመርያ ፌደራል ቤት ፍርዲ ሰራሕተኛታትን ክፍልታት ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ብምንባብ፣ ብምጥርናፍን ናይ ሓባር ኣሰራርሓ ስርዓት ብምዝርጋሕን ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ ተግባራት ንህዝቢ ኣብ ምፍላጥ ሕጽረታት ምህላዎም ናይተን ትካላት ደረጃ ሓይሊ ህዝባዊ ርክባት ኣተሓታቲ ይገብሮ።

## 5.2 ትሑት ኣፍልጦ ሕጊ ኣብ ናይ ሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት

ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ሱቕ ኢልካ ብሃውሪ ዝዕመም ዘይኮነ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ሳይንስ ዘለዎ ሓበሬታ ንሓፍሽ ሕብረተሰብ ወይ ንዝተወሰነ ክፋል ማሕበረሰብ ዝባጻሓሉ መንገዲ፣ ኩነታትን ስትራተጅን እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ዝትንትኑሉን ተግባራዊ ዝግበረሉ ርእሱ ዝኸኣለ ዝተፈልየ ኣፍልጦ ዝጠልብተግባር እዩ። ነዚ እዩ ከኣ ስራሕ ህዝባዊ ርክባት ምስራሕ ዝግባእ ትምህርቲ ምድላዋቶምን ናይ ተግባር ልምድታቶም ምስዚ ተግባር ዝተሓሓዝን ነቲ ቦታ ዝግብእዎ ሰባት እዩ ተባሂሉ ዝሕሰብ።

---

49 ምስ ፌደራል ሓፈሻዊ ቤት ፍርዲ ዳይረክቶረት ህዝባዊ ርክባት ናይ ሕትመት ውጽኢታትን ኦውድዮ ቪዥዋል ጉጅለ ሓላፊ ዝተገብረ ዝርርብ ዝተወስደ

50 መቐጸልታ

ካብዚ ብምብጋስ ናይ ቤት ፍርድታት ህዝባዊ ርክባት ተጋብር ከመይ ጌርካ ምምራሕ ከምዝግባእ ኣብ ንምርምረሉ ወቕቲ ክልተ ነገራት ምምላእ ከምዝግብኦም ይግለጸልና። ቀዳማይ ጉዳይ ከም ዝኾኑ ትካላትሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት ኣብ ናይ ትምህርቲ ምድላዋቶም በቲ ሞያ ዝሰልጠኑ ክኾኑ ይግብኦም ዝብል ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይን ማዕረ ተደላዪ ዝኾነ ምስ ፍሉይ ባህሪኡ ናይ ህዝባዊ ርክባት በዓል ሞያ ሕጋዊ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ ዝብል ሓሳብ እዩ። ከምዝፍለጥ ምስ ሕጊ ዝተሓሓዝ ጉዳይ ምልውዋጥ ሓበሬታ ናብ ሕብረተሰብ ኣብ ዝመሓላለፈሉ ወቕቲ ብጥንቃቑን ብኣፍልጦ ሕጊ እንተዘይተመሪሑ ዘምጽኦ ኣሉታዊ ውጽኢት ብቐሊሉ ክዕረ ዝኽእል ኣይኮነን።

ካብዚ ብምብጋስ ሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት ኣፍልጦ ሕጊ ክህልዎም ከሎ ቤት ፍርድታት ዝትግብርኦም ምምሕያሻትን ጸብጻባት ውዕሎ ፍርድን ናይቲ ቤት ፍርዲ ናጽነት ብዝሓለወ መልክዑ ንሕብረተሰብ ከብጽሑ ይኽእሉ፣ ካብ ናቶም ኣፍልጦ ወጻኢ ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርድ ተግባራት ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ብዝጥሕስ ኩነት ተሰኒዶም ምስ ዝርከቡ ናይ መአረምታ ጸብጻብ ምስራሕ ይከኣል። ሞያውያን ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት ኣፍልጦ ሕጊ ኣብ ዘይህልዎም ግን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኩነታት ንምዕራይ ሓልፍነት ወሲድካ ምስራሕ ዓቕሚ ስለዘይህልዎም ኣብ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ከም ብድሆታት ዝረኣዩ ይኾኑ።

## 5.3 ኣብ ሞንጎ ቤት ፍርድታትን ደያኑን ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርዲ ናጽነት ይፈታትኑ ዝብል ኣተሓሳስባ ምህላዉ

ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ካልዕት ሃገራት ውን ቁጽሮም ቀሊል ዘይበሃል ቤት ፍርድታትን ደያኑን መራኸቢ ብዙሃን ከም ሓደ ሓጋዚ ፍትሒ መሻርኽቲ ኣካል ገሮም ኣብ ክንዲ ምቑጻር ከም ሓደ ተቓናቓኒ ናይ ምቑጻር ኣተሓሳስባ ኣሎ። መራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርድታት ስራሕ ብተመዛበለ ኩነታት ንሕብረተሰብ ብምብጻሕ ንቤት ፍርድታት ናይ ደያኑ ናጽነት ናይ ምድፋር ኣንፈት ይረኣየን ኣዩ፣ ከምኡ ውን ኣብ ዝሰርሕኦ ጸብጻብ ውዕሎ ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ካብ ዝግብኦ ንላዕሊ ድምጺ ብምሃብን ንሓደ ተኸራኻሪ ዝውግን ጸብጻብ ብምስራሕ ኣብ መስርሕ ፍርዲ ይኹን ፍርዲ ኣብ ምሃብ ኣሉታዊ ጸቕጢ የሕድሩ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ብዙሓት ቤት ፍርድታትን ደያኑን ይረኣይ።

ብርግጽ ብዙሓት ቤት ፍርድታትን ደያኑን ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣተሓሳስባ ባዕሎም ዝፈጠርዎ ዘይኮነ ብመራኸቢ ብዙሃን ብዝፍጸሙ ጌጋታት ብምምርኳስ ዝበጽሕኦም መደምደምታታት ምዃኖም

ኣየጠራጥርን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ኩሎም ወይ መብዛሕትኦም ናይ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጌጋታት ይሰርሑ ማለት ኣይኮነን፣ ዝሰርሑ ጌጋታት ውን ኩሉ ግዜ ኮነ ኢልካ ዝሰርሑ እዮም ኢልካ ምውሳድ ውን ኣይከኣልን። ዝኾነ ኮይኑ ብመንገዲ ቤት ፍርድታትን ደያኑን ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ምህላዉ ምምሕያሽ ተግባራት ቤት ፍርድታት ብስፍሓት ንሕብረተሰብ ክበጽሕ ኣብ ምግባር ዘኽእል ኩነታት ኣይፈጥርን።

## 5.4 ቤት ፍርድታትን፣መራኸቢ ብዙሃንን፣ ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ዘሳተፍዎ ናይ መራኸቢ መድረኽ ዘይምህላዉ

ፕሮግራማትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብዝምልከት ምልውዋጥ ሓበሬታ ብሓደ ወገን ዝፍጸም ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ተሳትፎ ዝደሊ ተጋባር እዩ። ቤት ፍርድታት ዘተግብርዎ ዘለዉ ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ሓበሬታ ኣብ ምሓዝን ምምዝጋብን ናይ ገዛእ ርእሰን ተራ ዘለወን ኮይኑ እዚ ዝተኣከበ ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ንምብጻሕ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ተራ ብጣዕሚ ዓቢይ እዩ። ኣቓልብኦም ኣብ ፍትሒ፣ ሰብኣዊ መሰላትን ዴሞክራን ገይሮም ዝንቀሳቐሳ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ብወገነን ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ኣብ ዝበጽሓሉ ወቕቲ ናይ ቤት ፍርድታት ተፈጥርኣዊ ናጽነትን ናይ ሰባት ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽብር ኩነታት ከምዝፍጸም ኣብ ምግባር ናታተን ተራ ይጻወታ። ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ካብ ዝወፈርሉ ዓውዲ ካብ ዘለዎም ዕቑር ዓቕሚ ብምንጽጻር  ምምሕያሽ ተግባራት ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ክበጽሕን ክፍለጥን ትጽቢት ዝግበረሎም ሓላፍነት ይወስዱ።

ይኹን ደእ እምበር መሻርኽቲ ኣካላትን ቤት ፍርድታት ብሓባር ብምዃንን ምንባብን ስርሖም እንተዘይሰሪሖምን ሓላፍነቶም እንተዘያተግቢሮም ቤት ፍርድታት ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ብዝድለ ጽፈትን ደረጃን ንሕብረተሰብ ኣይበጽሕን፣ ብኣንጻሩ ብተገላቢጦሽ ንህዝቢ ዝበጽሑ ሓበሬታታት ናይ ምብልሻው ባህሪ ዘርእዩን ናይ ሓበሬታ ነውጺ ናይ ምግጣም ዕድል ውን ሰፊሕ ይኸውን።

ኣብዚ ሰዓት ዘሎ ናይ ቤት ፍርድታት ጭቡጥ ኩነታት ምምሕያሽ ተግባራት ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ከምዝበጻሕ ብምግባር ለውጢ ዝረኣይ ምስ ዝኸውን ሓበሬታ ናይ ምልውዋጥ ተጋብር ካብዚ ንላዕሊ ናይ ምጉልባት ቤት ፍርድታትን መሻርኽቲ ኣካላትን ዝራኸቡሉን እቲ ርክብን ዝግዘኣሉ ናይ ገዛእ ርእሱ መደብን መትከልን ዘለዎ መድረኽ ኣሎ ምባል ኣይከኣልን።

## 5.5 ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ንምስናድ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ድሌት ዘይምህላው

መራኸቢ ብዙሃን ዝስንድኦን ንሓፈሻ ሕብረተሰብ ዘብጽሕኦ ጸብጻባት ክንምልከት ከለና እቲ ዝበዝሐ ናይ ኣየር ሰዓትን ናይ ጋዜጣ ክፍልን ዝሕዙ ናይ ማሕበረሰብ ኣቓልቦ ይስሕቡዮም ተባሂሎም ዝሕሰቡ ፍረ ሓቅታትን ናይ ምዝንጋዕ ጉዳያትን እዮም። ኢ እንተ ኢልና መራኸቢ ብዙሃን ንምንታይ ከምዚ ኮይኑ ንዝብል ሕት ንምምላስ ርእሱ ዝኽኣለ ናይ ዳህሰሳ መጽናዕቲ ዝደሊ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ናይዚ ማንዋል ቀንዲ ትኩረት ብዘይምዃኑ ብዝርዝር ምኻድ ኣድላዪ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ይኩን ደኣ እምበር ሰልጠንቲ ኣዚ ስልጠና ምስ ወሰዱ ኣብዛ ነጥቢ ናይ ባዕሎም ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ ብምስራሕ ንተጠቃሚ ወግዓዊ ክገብሩዮም ተባሂሉ ይግመት።

ናብቲ ቐንዲ ጉዳይ ምስ እንምለስ ሓፈሻዊ ዝኾኑ ምምሕያሻት በኢት ፍርድታት መብዛሕትኡ ግዜ ዝግለጹ ሰፋሕቲ ብዝኾኑ ፕሮግራማትን ብመደብ ዝተሰርሑ ስርሓትን ዘጋተሙ ብድሆታትን ዝትንትን ጸብጻብ ብምድላው እዩ። እዚ ዓይነት ኣቀራረባ ብዙሕ ናይ ኣየር ሰዓት =ን ናይ ጋዜጣ ክፍልን ዝወስድ ብምዃኑ ፣ ብተወሳኺ ከምዚ ዓይነት ኣቀራርባ ብመብዛሕትኡ ማሃበረሰብ ምስልቻው ዝፈጥር ብምዃኑ፣ ከምኡ ውን መራኸቢ ብዙሃን ንናይ ቤት ፍርድታት መደባት ምምሕያሽ ምትሕልላፍ ምርኩስ ብምግባር ኣታዊ ዘምጽኡሎም መወዓውዒታት ን ካልኦት ፕሮግራማት ብዝደልይዎ መጠን ንምትሕልላፍ ዘኽእሉ ብምዃኑ መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብ ምትሕልላፍን ንሕብረተሰብ ከምዝበጽሕ ብምግባር ትሑት ድሌት ይስትውዓለለን።

ብኣንጻሩ ኣብ ኢትዮጵያ መራኸቢ ብዙሃን ብፍላይ ፍሉጣት ሰባትን ናይ መንግስቲ ሓልፍትን ተኻፈልቲ ዝኾንዎም ናይ ወንጀልን ፍትሕን ጉዳያት መስርሕ ፍርድን ዝወሃቡ ፍርድታትን ውሳነታትን ዝምልከቱ ናይ ፍርዲ ውዕሎ ጸብጻባት ንምስራሕን ንህዝቢ ምትሕልላፍን ዓቢይ ድሌት ዘርእዩ ክኾኑ ከለዉ ኣብ መሰናድኦ ዘይተሳተፉን ናይ መራኸቢ ብዙሃን ካብ ካልኦት ምንጬታት ዝረኸብዎ ጸጻብ ከመሓላልፉ ይረኣዩ።

## 5.6 ኣብ ትካላት መራኸቢ ብዙሃን ዝሰርሑ ጋዜጠኛታት ናይ ሕጊ ኣፍልጦ ዘይምህላው

መደባት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዝሰርሑ ተግባራት ንህዝቢ ኣብ ምውዕዋዕ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ተራ ብጣዕሚ ልዑል ክኸውን ከሎ ነቲ ስራሕ ምስራሕ ዝግብኦ በቲ ሞያ ዝሰልጠኑ፣ ንቑሓትን እኹል ልምዲ ብዘለዎም ጋዜጠኛታት ኣብ ዝኾኑሉ ግዜ ውጽኢቱ ውሃ ዘበለ ከምዝኸውን ኣተሓታቲ ኣይኮነን።

ከምዝፍለጥ ቤት ፍርድታት ዝትርጉምዎም ሕግታት፣ ዝጥቀሙሎም ናይ ሕጊ ቃላትን ዝክተልኦም ጥብቂ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ናይ ባዕሎም ዝኾነ ዝተፈልየ ባህሪ ዘለዎም ብምዃኑ ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ ምብጻሕ መራኸቢ ብዙሃን እዞም ፍሉያት ባህሪታት ኣብ ግምት ከእትዋ ይግባእ። ሓደ ዝኾነ ዓይነት ኣፍልጦ ሕጊ ዘይብሉ ጋዜጠኛ ጸብጻብ ውዕሎ ፍርዲ ወይ ካልኦት ሓፈሻዊ ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ኣብ ዝሰርሓሉ ወቕቲ ካብ ክፍሊ ሓሳብ ቤት ፍርድታት ከምኡ ውን ካብ ዕላማ ሕጊን መንፈስን ወጻኢ ናይ ምስንዳእ ኣጋጣሚታት ብብዝሒ ዝስትውዓሉ ብምዃኑ ኣብ ናይ ቤት ፍርዲ ገጽታን መሰላት ናይ ተኸራኸርቲ ወገናትን ኣሉታዊ ጸቕጢ የሕድር።

ኣብ ዓለም ተፈላጥነት ዘትረፉ ከም በዓል ሲ.ኤን.ኤን ን ቢ.ቢ.ሲ ን ዝኣመሰሉ መራኸቢ ብዙሃን ተግባራት ቤት ፍርድታት ኣብ ዘሰናድኣኡ ኣፍልጦ ሕጊ ብዘለዎም ጋዜጠኛታትን ተንተንትን መንገዲ ክኸውን ከሎ እዞም ኣፍልጥኦም ኣቱም ዘትረፉ ጋዜጠኛታትን ተንተንትን ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ናይ ተኸራከርቲ ወገናት መሰረታዊ መሰላት ብዝግባእ ዝፈልጡ ስለዝኾኑ ዘመሓላልፍዎ ጸብጻባት በቲ ሓደ ወገን እዞም መሰላትን መትከላትን ብዝሓለወ መልክዑ በቲ ሓደ ወገን ናይ ሕብረተሰብ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ብዘዐውት ኣካውና ከምዝኸውን ትጽቢት ይግበረሉ።

ናይ ሃገርና ትካላትን ጋዜጠኛታትን መራኸቢ ብዙሃን ናይ ቤት ፍርድታት መመሓየሺ ን ጸብጻባት ውዕሎ ፍርድን ዝሰርሑ ነዚ ተግባር ዝተመደቡ ኣፍልጦ ሕጊ ብዘለዎም ጋዜጠኛታትን ተንተንትን ኣይኮነን። እዚ ብዘይምዃኑ መብዝሕትኦም ጸብጻባቶም ቅኑዕ ናይ ቤት ፍርድታት ስራሕ ኩነትን ውዕሎን ኣብ ክንዲ ምንጽብራቕ ስምዒት ዝጸቕጥምን ገለልተኛነት ዘይረኣዮም ኣቀራርባታት ዘቃልሑ ኮይኖም ንረኽቦም። ከምዚ ዘለዎ ኣካይዳ ተግባራት ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ናብ ህዝቢ ንምብጻሕ ከም ብድሆታት ክረኣይ ዝኽእል እዩ ኢልካ ምውሳድ ይከኣል።

## ናይ ዝርርብ ሕቶታት

1. ሰብ ሞያ ህዝባዊ ርክባት ቤት ፍርድታት ናይ ሕጊ ኣፍልጦ ክህልዎም ንምንታይ ይጠቅም? ብዝርዝር ኣረድእ።
2. ናይ መራኸቢ ብዙሃን ስራሕ ምልውዋጥ ሓብሬታ ናይ ቤት ፍርድታት ናጽነትን ናይ ተኸራኸርቲ ወገናት መሰላት ብኸመይ ይዳፈሩ? መግለጺታት ብዝርዝር ኣርኢ?

3. ተግባራት ምልውዋጥ ሓበሬታ ኣፍልጦ ሕጊ ብዘለዎም ሰብ ሞያ ክስራሕ ከሎ ዝርከቦ ጥቕሚ ብዝርዝር ኣረድእ?

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንምግባር ዝሕግዙ ስትራተጂታት፣ መንገድታትን ሜላታትን

መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዝምልከቱ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ከምዚ ሱቕ ኢልካ ዝፍጸም ተጋብር ዘይኮነ ዕላምኡ ክሃርም ብዘኽእል ኩነታት ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ዝበጽሓሉ መንገድን

መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ብትኽክል ክብጽሕ ዘኽእሉ ሜላታት እንታይ ዓይነት ከምዝኾኑ ብምፍላይን ስትራተጂ ብምንዳፍን ዝትግበር ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ክፋል ዘሎ ስልጠና ብዝግባእ ዝተኸታተለ ሰልጣኒ፡

- መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ዝምልከቱ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ንህዝቢ ምብጻሕ ዝረድኡ ስትራተጂታት ሓደ ብሓደ ይፈልጥ።
- መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ሓበሬታ ምልውዋጥ ንህዝቢ ምብጻሕ ዝረድኡ ሜላታትን መንገድታትን ይፈሊ።

ቤት ፍርድታት ዝቐርጽኦም ናይ ምምሕያሽ መደባትን ዘተግብርኦም ተጋባራት ንሕብረተሰብ ኣብ ምውዕዋዕ ትኽክለኛ ስትራተጂ፣ ምስ ውሕስነትን ተባጻሕነትን ኣዋጻእቲ ዝኾኑ መንገድታት ከምኡ ውን ሓበሬታ ዘመሓላልፍሉ ሜላ ከይፈልዩ ብሓጺሩ ዘተግብርዎም ምልውዋጥ ሓበሬታ ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ ተግባራትን ፕሮግራማትን ብዝግባእ ብሕብረተሰብ ተፋሊጦም ዘድሊ ውጽኢት ንምምጻእ ኣየኽእሎምን እዩ።

ስለዝኾነ ድማ ቤት ፍርድታት ኣብ ሕብረተሰብ ዘለወን እምነት ንምምላስ፣ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ነውጺ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ካብዚ ነውጺ ብፍጥነት ንምውጻእ፣ ናይ ትካላት ቤት ፍርድታትን ናይ ደያኑ ስትራተጅን ብዝፍለጥ መንገድታትን ዘዋጽኡ ሜላታት ክትግብሩ ኣለዎም።

## 6.1ስትራተጂ ምልውዋጥ ሓበሬታ

1. ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ናብ ሕብረተሰብ ክበጽሑ እንድሕር ተደልዩ ምልውዋጥ ሓበሬታ ኣብ ብቤት ፍርዲ ዝተተሓሓዘ ዝተፈልየ ጉዳይ ጥራሕ ዘይኮነ ቤት ፍርድታት ኣብ ዝሓንጸጽኦ ሓፈሻዊ መደባት ምምሕያሽን ብዝትግብርኦ ተግባራትን ምትኳር ይግባእ። ካብዚ ምግንዛብ ከምዝከኣል ኣብ ሓደ ቤት ፍርዲ ክርክር ኣብ ዝካየደሉ ጉዳይ ዝግበሩ ምልውዋጥ ሓበሬታ ናይ ቤት ፍርድታት ሓፈሻዊ ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ዘርእይ እኳ እንተኾነ ሕብረተሰብ ንቤት ፍርድታት ዘለዎሓፈሳዊ ኣረኣእያ ብዝተማልአ ኩነታት ዘርእይ ብምኳኑ ኣብ ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሽ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ዝግባእ ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ክበጽሕ ናይ ምግባር ስትራተጂ ምልውዋጥ ሓበሬታ ምጥቃም ኣድላዪ እዩ።

2. ቤት ፍርድታት ዘካይድኦም ናይ ምምሕያሽ ተግባራት ንሕብረተሰብ ምውዕዋዕ ብቐንዱ ሰፊሕ ሽፋን ዘለዎም መራኸቢ ብዙሃን ክጥቀሙሉ ዝግብአን ክኸውን ከሎ ምስ ዘለወን ባጀትን ግዜን እና ገምገሙ ክረኽብኦም ዝኽእላ ሓደሽቲ ናይ ተክኖሎጂ ውጽኢታት ወሲኽካ ኩሉ ዓይነት ሕጋዊ መራኸቢ መንገድታትን ሜላታትን ክጥቀማ ይግባእ። እዚ ስትራተጂ ጥቕሙ ቤት ፍርድታት ህብረተሰብ መሪጹ ብዝጥቀመሉ ናይ መራኸቢ ሜላ ከምድልየቱ ሓበሬታ ንምርካብ ከኽእሎ እዩ።
3. ቤት ፍርድታት ምልውዋጥ ሓበሬታ ክግበራ ከለዋ ካብ ዓይነት ሓበሬታ ብምብጋስ ክባጽሑ ዘለዎም ናይ ሕብረተሰብ ክፍልታት ብትኽክል ምፍላይን ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ነዞም ክፋላት ሕብረተሰብ ክባጻሕ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።[51] በዚ መሰረት ኣቕልቦ ዝተገብረሉ ክፋል ሕብረተሰብ ሓበሬታ ዝቕበለሉ ኩነታት ምፍላይ የድሊ።
4. ካብ ቤት ፍርድታት ዝፍጽምኦም ምምሕያሻት ብምብጋስ ንሕብረተሰብ ብሓፈሽኡ ከምኡ ውን ንመሻርኽቲ ኣካላት ብዝተፈልየ ኩነታት ክበጽሕ ዝድለ ሓበሬታ ብትኽክል ምፍላጥን ናይቲ ሓበሬታ መልእኽቲ ምህንጻጽ ኣድላዪ ክኸውን ከሎ እዚ ከኣ ቤት ፍርድታት ካብ ሕብረተሰብ ክረኽብኦ ዘለወን ምትእምማንን ኣፍልጦን ብዝግባእ ክረኽባ ይሕግዘን።[52]
5. ቤት ፍርድታት ዝፍጽምኦም ናይ ሃበሬታ ምልውዋጣት ምስ ግዜን ኩነታትን ዝሰማምዑን ገዛእ ርእሶም ምስ ወቕቲ እና ኣመሓየሹን እናኣዛመዱን ይኸዱ ምህላዎም ምክትታልን ቁጽጽር ምግባርን ይግብኦን።

## ናይ ዝርርብ ሕቶታት

- ኣብ ማንዋል ስልጠና ዘይተጠቕሱ ሰለስተ መደባትን ተጋብራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ሓበሬታታት ንህዝቢ ንምብጻሕ ዝሕግዙ ስትራተጂታት ጥቐስ? (10 ደቒቕ)

## 6.2 ምልውዋጥ ሓበሬታ ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ናይ ምርኻብ ሜላታትን መንገድታትን

መደባትን ተግባራትን ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ኣብዚ ወቕቲ ንሓፋሽ ሕብረተሰብ ንምብጻሕ ዝሕግዙ ብዙሓት ሓበሬታ መመሓላለፍቲ ሜላታት ዘለዉ ኮይኖም ቤት ፍርድታት እዞም ናይ መራኽቢ ሜላታትን መንገድታትን ባግባቡ ብምጥቃም ኣብ ቤት ፍርዲ ዝካየዱ ዘለዉ ናይ ለውጢ ተግባራት ብሓደ ሓደ

---

[51] ቤት ፍርድታትን ሰበ ስልጣን ዓቃቢ ሕጊ ንመራኸቢ ብዙሃን ን ህዝብን ሓበሬታ ምልውዋጥ መምርሒ፥ መበል 31 ሲኢፒኢጀ ቀዋሚ ኣኼባ ታሕሳስ 3ን4ን 2018: ስትራስበርግ

[52] መቕጸልታ

ዝተፈልዩ ጉዳያት ኣብ ፍርዲ ዝህልዎም መስርሕ ፍርዲ እንታይ ከምዝመስል ንህዝቢ ንምውዕዋዕ የኽእለን።[53]

- ***ጋዜጣዊ መግለጺ*** - ዘዋጽእ ሜላ መለዋወጢ ሓበሬታ ክኸውን ከሎ ንሓፋሽ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ብምብጻሕ ዝሓሸ ከምዝኾነ ይእመን። ጋዜጣዊ መግለጺ ንሓፋሽ መራኸቢ ማዕረ ዕድል ኣብ ምሃብ፣ ሓደ ዓይነትን ቀጻልነት ብዘለዎ ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ ምብጻሕ፣ ዕላማ ዝተገብረሉን ዝተገደበ ሓበሬታ ጥራሀ ከምዝመሓላለፍ ኣብ ምግባር፣ ብዝተዘብዐ ኩነት ሓበሬታ ከይመሓላለፍ ብምግባር ክረእይ ከሎ ብርግጽ ዘዋጽእ ናይ መራኸቢ ሜላ ወይ መንገዲ እዩ።
- ***ጋዜታዊ ጉባኤ*** - መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝተወሰነ ጉዳይ ቤት ፍርድታት ዝገበርኦ ምምሕያሻት ጋዜጣታት ኣብ ሓደ ኣብ ዝተኣከቡሉ ብቤት ፍርዲ ኣካየድቲ ስራሕ መግለጺ ተገይሩ ካብ ጋዜጠኛታት ዝለዓሉ ሕቶታትት ተመርኹስካ መልሲ ዝወሃበሉ መድረኽ ወይ ጉባኤ ክኸውን ከሎ ሓበሬታ ንህዝቢ ንምብጻሕ ጥቕሚ ከም ዘለዎ ኣብ መስርሕ ሕቶ መልስን ብኣካየድቲ ስራሕ ዘይተሓስበ ሓሳብ ክወጽእ ዝኾነሉ ኣጋጣሚ =ን ስግእትን ይህልዎዩ። ስለዝኾነ ድማ ነዚ መንገዲ ዝጥቀም ናይ ቢት ፍርዲ ኣካያዲ ስራሕ ብዝተኻእለ መጠን ካብ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ብዘይምውጻእ ናይቲ ሕቶ መልሲ ኣቕድም ኣቢሉ ካብ ምስ ዝተዋህበ መግለጺ ብዝሰማማዕ መልክዑ ናይ ሕሳብ ፍሰት ብዝሓለወ ኩነታት ክግበር ይግብኦ።
- **ቃለ መሕትት** - ከምዚ ዓይነት ናይ ምርኻብ ሜላ ቤት ፍርድታት ዝፈጸምዎ ምምሕያሻት ብኣካየድቲ ስራሕ ቤት ፍርዲ ብቐጥታ ብዝግበር ናይ ሕቶን ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ንማህበረሰብ ከምዝበጽሕ ዘገልግል እዩ። ከምዚ ዓይነት ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ሜላ ብፍላይ ጎበዝን ንቑሓት ዝኾኑ ጋዜጠኛታት ዘይተሓትሙ መደባትን ናይ ለውጢ ተግባራትን ምምሕያሽ ፍርድን ካብ ሓላፊ ቤት ፍርዲ ክረኽቡ ዘኽሎም ክኸውን ከሎ ብእንጻሩ ድማ ሓላፊ ቤት ፍርዲ ከመሓላልፍ ዝደልዮ ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ክበጽሕ ዕድል ዝፈጥሩ እኳ እንተኾነ ካብ ዝርርብን ካብ ግጉይ ኣጠቓቕማ ቃላት ኣብ  ቤት ፍርዲ ኣሉታዊ ጸቕጢ ከምጽኡ ዝኽእሉ ሓበሬታታት ከመሓላልፉ ዝኽእሉ። ብምኳኖም ዓቢይ ጥንቃቐ ዘድልዮ ሜላ እዩ።[54]

---

[53] መቕጸልታ

[54] መቕጸልታ

- **ውብሳይት -** ቤት ፍርድታት ምስ ህዝቢ ክፋለጣሉ ዝኽእሉ ናይ ባዕለን ውብሳይት ክህልወን ግቡእ ክኸውን ከሎ ኣብ ውብሳይት ዘለዉ ሓበሬታታት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ክመሓየሹን ከም ሓደስቲ ሓበሬታታ ክጸዓኑ ብምግባር መደባትን ናይ ለውጢ ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንሕብረተሰብ ንምብጻሕ የኽእለን። እዚ ዓይነት ናይ መራኸቢ ሜላ ብፍላይ ሕጂ ዘለናዮ መረብ ኣልቦ ሓበሬታ ምርኻብ (ናይ ኢንፎርመሽን ኮምዩኒኬሽን) ዘመን ናይ ግድን ኣድላዪ ብምኳኑ ተመራጺ ይገብሮ። ብውብሳይት መንገዲ ዝግበር ምልውዋጥ ሃበሬታ ብፍላይ መሻርኽቲ ኣካላትን ሞይኦም ምስ ናይ ሕጊ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ሰባትን ናይ ሲቪል ማሕበራትን ወሲኽካ መደባትን ናይ ልወጢ ተግባራት ምምሕያሽ ቤት ፍርዲ ብቐሊሉ ንምርካብን ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ዝህሻዞም ብምኳኑ ዝተባባዕ ናይ መራኸቢ ሜላ እዩ ክበሃል ይከኣል።
- **ማህበራዊ ምትእስሳር መራኸቢ ብዙሃን -** እዚ መራኸቢ ሜላ ኣብ ዘለናዮ ዘመን ብፍላይ ኣፍራይ ሓይሊ ተባሂሉ ዝሕሰብ መንእሰይ ናይ ህብረተሰብ ክፋል ዝግልገለሉ ናይ መራኸቢ ሜላ ከም ምኳኑ ብዘይ ዝኾነ ጣልቃ ምእታው ቤት ፍርድታት ዝገብርኦ ናይ ምምሕያሽ ስርሓት ብቐጥታ ንሕብረተሰብ ንምብጻሕ ዘኽእሎም ክኸውን ከሎ ብዝገብርዎ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ኩነታትን ኣብ ናይ ምምሕያሽ ቀንዲ ጉዳይ ብፍጥነት ካብ ሕብረተሰብ ግብረ መልሲ ዝረኽቡሉ ሜላ እዩ፣ ብርግጽ እዚ ናይ መራኸቢ ሜላ ቤት ፍርድታት ንህዝቢ ንከብጽሓ ዝደልይኦ ሓበሬታ ብጣዕሚ ብሓጺሩ ንምግላጽ ዘገድደን ብምኳኑ ዝተማልአን ኩሉ ዘማልአ ዝኾነ ሓበሬታ ንሕብረተሰብ ኣብ ምብጻሕ ሕጽረታት ይህልዎ እዩ።
- **ሓበሬታ ብመልክዕ ፊልሚ ምትሕልላፍ -** ከምዚ ዝበለ ሜላ ዘገልግሎ ሓደ ፕሮግራም ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ንሓፋሽ ሕብረተሰብ ወይ ንመሻርኽቲ ኣካላት ክበጽሕ ብምሕሳብ ዝግበር ሓበሬታ መለዋወጢ መንገዲ ክኸውን ከሎ ብፊልሚ መልክዕ ክሰኣልን ንሕብረተሰብ ክበጽሕ ዝተደልዮ ሓበሬታብተደጋጋሚ ብናይ ስራሕ ክፍልታት ቤት ፍርድታት ምስተገምገመን ምስተዓረየን ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ብዝግንዘበሉን ኣሰልቸሃዊ ብዘይዝኾነ ኣቀራርባ ክበጽሕ ይገብር። ከምዚ ዝበለ ናይ መራኸቢ መንገዲ ናይ ሚዲያ ሰብ ሞያ ኣስተዋጽኦ ዝደሊ ብምኳኑ እዚ ሞያ ዘለዎም ኣካላት ከምዝሳተፍዎ ምግባር የድሊ። ብፊልም መልክዕ ዝተሳእለ ሓበሬታ ኣብ ናይ ቤት ፍርድታት ውብሳይት፡ ኣብ ዩትዩብን ኣብ ተለቪዥንን ንህብረተሰብ ከመሓላለፍ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ናይ መራኸቢ ሜላ ካብ ምቕዳሕ ፊልም ጀሚርካ ዝተቐድሐ ክሳብ ምትሕልላፍ ዘሎ ስራሕ ዓቢይ ሃብቲ

ዘድልዮ ክኸውን ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ቤት ፍርድታት ነዚ ተግባር ምስ ካልኦት ብምትሕብባር እንተዝገብርዎ ይመኽሩ።[55]

- **መስርሕ ፍርዲ ብመራኸቢ ብዙሃን ምትሕልላፍ-** እዚ ዓይነት ሓበሬታ መተሓላለፊ መንገዲ ብፍላይ ብዝተመርጹ ጉዳያት ዝግበር ክኸውን ከሎ፡ብቤት ፍርዲ ብዝተታሕዘ ጉዳይ ዝግበሮ ናይ ክሲ =ን ክርክርን መስርሕ ምስማዕ ብቐጥታ ስርዓት ኣናተመሓላለፈ ኣብ ዝርከበሉ ወቕቲ ደያኑ፣ ጠበቓታት፣ ዓቃቢ ሕግታትን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ሕሳቦም ኣብቲ ጉዳይ ከይእክቡ ናይ ምግባር ኣገጣሚ ዝፈጥር ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ኣብ ጉዳይ ወንጀል ናይ ተኸሳሲ ንጹህ ኮይኑ ናይ ምምዓት መሰል ዝጎድእ፣ ብጉዳይ ፍትሂ ናይ ተኸራኸርቲ ጽቡቕ ስምን ዝናን ምስጥር ኣደባባይ ዝወጹሉ ኩነታት ዝፈጥር ብምኳኑ ጥንቃቐ ዘድልዮ ናይ መራኸቢ መንገዲ እዩ። እዚ ናይ መራኸቢ ሜላ ግቡእነትን ን ሕጋውነትን ኣብ በዓል ሞያ ሕጊ፣ ሊቓውንቲ ብጣዕሚ ኣከራኻሪ ብምኳኑ ተግባራዊ ንምግባር ዝከኣለሉ ናይ ሃገራት ህግታት ብኽምዚ ዘቐመጥዎ ድንጋጌ ኣብ ግምት ዝኣተወ ክኸውን ይግብኦ።

ብሓፈሻ ኣብ መደባትን ናይ ለውጢ ተግብራት ምምሕያሽ ቤት ፍርድታት ብዝተፈላለዩ ናይ መራኸቢ ሜላታት ን መንገድታትን ንሕብረተሰብ ንምብጻሕ ዝኽእሉን ዝግብኦም ክኸውን ከሎ ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቅሱ ናይ መራኸቢ ሜላታትን መንገድታትን በይኖም ከይኮኑ ምስ መራኸቢ ሜላታት ውሱናት ብምኳኑ ቤት ፍርድታት እዚኦምን በብግዚኡ ዝፍጠሩ ሓደሽቲ ተክኖሎጂታት ብምጥቃም ምስ ሕብረተሰቦም ኣድላዪ ምልውዋጥ ሓበሬታ ብምግባር ናይ ቤት ፍርድታት ምምሕያሻት ከፋልጡ ይግብኦም።

## ናይ ዝርርብ ሕቶ

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገልጹ ስትራተጂታትን መንገድታትን ብተወሳኺ ካልኦት ምምሕያሻት ቤት ፍርድታት ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ስትራተጂታትን መንገድታትን እንተለዉ ግለጽ?

## መወከሲ መጽሓፍቲ


- የኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ህገ መንግስት አዋጅ ቁጥር 1/1987
- በተሻሻለዉ የቤተሰብ ህግ አዋጅ ቁጥር 213/92
- የኢትዮጵያ ንጉሰ ነገስት መንግስት የፍትሐብሄር ሥነ ሥርዓት ህግ ድንጋጌ ቁጥር 52/1958


55 መቐጸልታ

- የኢትዮጵያ የወንጀል ህግ አዋጅ ቁጥር 414/1997
- የኢትዮጵያ ንጉሰ ነገስት መንግስት የወንጀለኛ መቅጫ ህግ ስነ ስርዓት አዋጅ ቁጥር 185/1954
- የኢትዮጵያ የመገናኛ ብዙሀን አዋጅ ቁጥር 1234/2013
- ዓለም አቀፍ የኢኮኖሚ ፣ ማህበራዊና ባህላዊ መብቶች ስምምነት
- ዓለም አቀፉ የአካል ጉዳተኞች መብት ጥበቃ ስምምነት
- ዓለም አቀፍ የሲቪልና የፖለቲካ መብቶች ስምምነት
- ሁሉን አቀፍ የሰብኣዊ መብቶች መግለጫ
- የኢ.ፌ.ዲ.ሪ. ህገ መንግስትም አቅም ግንባታ ሚኒስቴር፣የፍትህ ስርዓት ማሻሻያ ፕሮግራም የጥናት መነሻ ሪፖርት፣ 1998ዓ.ም
- የፌደራል የፍትህና የህግ ምርምር እና ስልጠና ኢንስቲትዩት፣የፍትህ ማሻሻያ ፕሮግራም በፌደራል ተቋማት ያለበትን ደረጃ ለመለየት የተደረገ የዳሰሳ ጥናት፣2011ዓ.ም.
- የፌደራል ጠቅላይ ፍርድ ቤት፣ የዳኝነት አካሉ አሁናዊ ሁኔታና የወደፊት እይታ፣ታህሳስ 2012
- የፌደራል የፍትህ አካላት ባለሙያዎች ስልጠና ማዕከል፣የስልጠና ሞጁል
- አሰፋ ፍሰሀ፣ፌደራሊዝም እና ልዩነትን ማቻቻል በኢትዮጵያ፡የንጽጽር ጥናት (ኔዘርላንድስ፣ዎልፍ የህግ አሳታሚዎች፣እ.ኢ.አ. 1997ዓ.ም
- ሄነሪ ስኮለር፣የኢትዮጵያ የህገ መንግስትና የህግ እድገት፡ ኢትዮጵ ህገ መንግት እድገት ላይ የተሰራ ጥናት ቮሊዩም I ፣ እ.ኢ.አ.1997 ዓ.ም
- ሮበርት አለን ሴድለር፣የኢትዮጵያ የስነ ስርዓት ህግ፣ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ አታሚ፣1968
- ፍርድ ቤቶችና የአቃቢ ህግ ባለስልጣናት ለመገናኛ ብዙሀን እና ለህዝቡ የመረጃ ልዉዉጥ ማከናወኛ መመሪያ፣31ኛዉ ሲኢፒኢጀ ቋሚ ስብሰባ ታህሳስ 3 እና 4፣ 2018፣ስትራስበርግ
- Canadian Judicial Council. (1998). Ethical Principles for Judges. Ottawa, Ontario: Canadian Council Ministry of Capacity Building. (2002).
- Justice System Reform in Ethiopia: Proceeding of the Work Shop on Ethiopian's Justice Reform, Addis Ababa: MCB
- Shetreet, Shimon, and Jules Deschens, (eds.,) (1985). Judicial Independence: The Contemporary Debate, Dordrecht: Martinus Nijhoff Publishers.or Martinus Nijhoff Publishers, Boston/Lancaster.

- Muga Dorcas Anyang, The Role Of Public Relations in Building the Image Of the Keneyan Judicial System, A Research project submitted in partial fulfilment of the requirement for the award of the degree of Master of Arts in Communication Studies at the School of Journalism and Mass Communication, University of Nairobi. November 2012.
- Elias N. Stebek (2016), Assessment of Ethiopia's Justice Sector Reform Components in GTP I and GTP II, Ethiopian Lawyers Association and Ethiopian Young Lawyers Association, Addis Ababa, Ethiopia